# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.38 ረቡዕ 14 ጥቅምቲ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ዝርጋሐ ናይ ሓሶት ሓበሬታ

ገጽ 4
"ትልሂት ተሓምበለ፡ ናይ ሰላምን ሕብረትን ጸወታ እዩ" . . .



ገጽ 8
ኲብላሊ

ገጽ 9
ጽፈት ስራሕ



ገጽ 11
ከረን - ጸወታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ይቕጽል




## ከረን - ቅድመ-ትምህርቲ፡ ኣብ ውጽኢት ተመሃሮ ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ተሓቢሩ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ንክልተ ዓመት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ዝተኸታተሉ ተመሃሮ፡ ምስ'ቶም ብቕድመ-ትምህርቲ ዘይሓለፉ ክነጻጸሩ ከለዉ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝለዓለ ውጽኢት የመዝግቡ ምህላዎም ተሓቢሩ።

እዚ ዝተገልጸ ኣብ ከተማ ከረን እትርከብ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ 'ኣልናህዳ'፡ ብ10 ጥቅምቲ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 90ን ልዕሊኡን ነጥቢ ንዘመዝገቡ ተመሃሮን ኣበርታዊያን መማህራንን ኣብ ዘተባብዕሉ ኣጋጣሚ'ዩ።

ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ማሕሙድ ዑስማን፡ እቶም ብልጫ ነጥቢ ዝረኸቡ ተመሃሮ፡ ብቕድመ-ትምህርቲ ዝሓለፉን ኣብ ልክዕ ዕድመኦም ትምህርቲ ዝጀመሩን ምዃኖም ገሊጹ።

እታ ቤት-ትምህርቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እወታዊ ኲነታት ተመዝግብ ከምዘላ ብምሕባር ድማ፡ ኣብ 2024/2025 ካብ 4 ዘይሓልፍ ዝበረ ቁጽሪ ብልጫ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ፡ ብተወዳዳሪ ኣብዚ ዓመት'ዚ ናብ 22 ከምዝበጽሐ ገሊጹ፡ ንዘመዝገቡዎ ውጽኢት ብዝምልከት፡ ምምጻኡ ናይ'ዚ መርኣያ ከምዝኾኑ ሓቢሩ።

ኣቦ-መንበር ኮሚቲ ወለዲ መምህር ስሌማን መሓመድ-ኑር ብወገኑ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ክሕይል ኣዘኻኺሩ።

መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ 'ኣልናህዳ'፡ ሎሚ ዓመት 49 ሚእታዊት ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 2,500 ተመሃሮ ተቐቢላ ስሩዕ ኣገልግሎት ትህብ ኣላ።



## ሰንዓፈ - ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ተገምጊሙ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ንዘተሰላሰለ ንጥፈታት ዝገምገመ ርክብ፡ ብ11 ጥቅምቲ ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ካብ 33 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ኣስታት 100 መማህራን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ዓብደል ተኸለ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ዝተዓመ መደብ ብምንጻር እወታውን ኣሉታውን ጎድንታቱ ብዝርዝር ኣቕሪቡ።

ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ንሓድሕድን ዘካይድኦ ውድድራት ኣብ ተመሃሮ ሓያል ስምዒት ዘቀስቀሰን ብቕዓት ዝድልብን ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ-ትምህርቲ ዝተራእየ ድኽመታት ተለሊዩ ክእረም፡ ንዝሓሸ ውጽኢት ድማ ብወህደት ክስራሕ ተላቢዩ።

ዝተማልአ ትሕተ-ቅርጺ ከም'ኡ'ውን በቲ ሞያ ዝሰልጠኑ መማህራን ዘይምህላው፡ ደኺና ኣብያተ-ትምህርቲ ንጌዳ ስፖርት ኣብ ግምት ዘእተወ ዘይምዃኑ፡ ዋሕዲ መጽሓፍቲ ስፖርትን ሕጽረት መሳርሒታት መዚ ቃን፡ ከም'ኡ'ውን ዘይምውዳብ ስልጠናታት ንመማህራን ስፖርት ካብ'ቶም ቀንዲ ብደሆታት ምዃኖም፡ መምህር ዓብደል ብዝወሰኸ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ን/ዞባ ሰንዓፈ መምህር ዑመረዲን መሓመድ ብወገኑ፡ ዝተኻየደ ንጥፈታት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን፡ ተመሃሮ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቶም ንዝጥረይዎ ኩሉመዳያዊ ብቕዓት ዘጽብርቕ ከምዝነበረ ብምግላጽ፡ መማህራን ኺ-ኺ ትምህርታዊ ንጥፈታት፡ ተመሃሮ ዝንባለታቶምን ብቕዓቶምን ዘፍትሹሉ ባይታ ክፈጥሩን ክሰርሑን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ንመማህራን ባህልን ስፖርትን ስልጠናታት ክውደብ፡ መሰረታዊ ትሕተ-ቅርጺ ስፖርት ዘይብለን ኣብያተ-ትምህርቲ ክስራሓለን፡ ዕውታት ተመሃሮ ክተባበዑ፡ ዕቑር ክእለት ተመሃሮ ብዮንቱ ክፍተሸን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዝጽሓሉ ባይታ ክፍጠርን ዝርከቦ ለበዋታት ኣሕሊፎም።




## ኩናት ማሕበራዊ ሚድያ

'ታህዲድ ፍርቂ ሓይሊ'ዩ' ክበሃል ንሰምዕ ኢና - ካብ ቀደም፡፡ ጉጅለ ብልጽግና ግን "ታህዲድ ምሉእ ሓይሊ'ዩ" ዝዓይነቱ ናቱ ሓድሽ ፍልስፍና ዘምጽአ ይመስል። ኣብ ኣፍሕታት ፕሮፖጋንዳ ማሕበራዊ ሚድያ፡ ምሓር ትጸበት ግዲ ኣሕዲሩ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያን ጎረባብትን ኣዊጁዎ ዘሎ መጠነ ሰፊሕ ኩናት፡ ብጸዕቒ ዘሙት ማሕበራዊ ሚድያ የሰንዮ ኣሎ። ሚልዮናት ዶላራት ኣፍሲሱ፡ ንማሕበራዊ ሚድያ ብዕዱጋቱ ኣጥለቕሊቑዎ ይርከብ።

ሰራዊት ማሕበራዊ ሚድያ ብልጽግና፡ ኣብ ብዙሕ ምድባት ዝተኸፋፈሉ እዮም። ንፍሲ ወከፍ ዝተዋህበ ተልእኾ ምልላዩ እውን ዘጸግም ኣይኮነን።

- ምሁራዊ ትንታነ ብዝመስል ኣቀራርባ ታሪኻዊ፡ ሕጋውን ፖለቲካውን ሓቅታት ዘዝንበዑ፣

- ዘየለ ፍጻመታት ምሂዞም መሰረት ዘይብሉ ናይ ሓሶት ዜናን ሓበሬታን ብምዝዋሕ ስእእምሮኣዊ ኩናት ዘካይዱ፣ በዚ መገዲ'ዚ፡ ካብ ባይታ ፍጹም ርሒቑ ንዝርከብ ህዝቢን ሰራዊትን ክርዕዱ ዝህቅኑ፣ ብዘየለ ናይ ዓወት ዜናታት ደገፍቶም ዘሰክሩ፣

- ጡሓርናኩም ብዝዓይነቱ ጃህራን ፈኸራን ዝህድዱ፣ ምጽላምን ምዝላፍን ዝሰርሑም፣

- ሓለይቲ ተመሲሎም፡ ዒላማ መጥቃዕቶም ንዝኾነ ህዝቢ ክሓብሉን ክኸፋፍሉን ዝህቅኑ፣

- መሃይማን ተመሲሎም፡ ብዘርኢን ሃይማኖትን ድሒሩ ስምዒታትን ንህዝብታት ሓድሕድ ከናቑቱ ዝሰርሑ፣ ባህልን ክብርታትን ዒላማ መጥቃዕቶም ዝኾኑ ህዝብታት ዘፍኣሩ፣

- ብኤይ.ኣይ. ተሓጊዞም መጋበዪ ስእልታትን ካርታታትን እናሰንዑ፣ ናይ ቀደም ስእልታት ወይ ናይ ርሑቕ ከባብታት ስእሊ እናተጠቐሙ መጋበዪ ሓበሬታ ዘዘርግሑ፣

- ንውልቀ ሰባት ብፍላይ ሓለፍቲን ፍሉጣት ሰባትን ዒላማ ገይሮም ዘናሽዉ . . . ወዘተ.

እቲ ወሩይ ጥንታዊ ናይ ኩናት ፈላስፋ ቻይናዊ ሳን ጹ፡ "ጸላእትኻ ንምግጋይ፡ ድኹም እንተኾንካ ሓያል መሰልካ ተርኢ፣ ሓያል እንተኾንካ ድኹም ምሰል" ይብል ነበረ። ድኹም እንተኾንካ ከይጥቅሙኻ ምሓር ዓውዓው ክትብልን ክትህድድን ኣለካ፣ ሓያል እንተኾንካ ግን 'ሰቕታ!' ንረብሓኻ'ዩ ማለቱ እዩ። ብርግጽ ድማ ሰቕታ መርኣያ ርእሰ ምትእምማን ክኸውን እንከሎ፡ ጫውጫውታ፡ ጃህራን ፈኸራን ምልክት ጉድለት ርእሰ ምትእምማን እዩ። ትብዓት ምሕባኡ ይከኣል እዩ፣ ምሕባኡን ምኽዋሉን ዘይክኣል ራዕዲ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ መትሓዚ ዘይብሉ ግጭታትን ኩናትን ኣብሪዑ፡ ብቑሩብ ትኳቦ ተዓሲቡ፡ ምስ ጎረባብቲ ህዝብታት ብምትፍናን፡ ኣብ ከቢድ ተጸሎ ዝርከብ ጉጅለ ብልጽግና፡ ሓይሊ ፕሮፖጋንዳ ካብቲ ተሸሚሙዎ ዘሎ ሰልሚ ዘውጽእ ክመስሎ ይኽእል ይኸውን። የግዳስ፡ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ሚልዮናት ዶላራት ብምፍሳስ፡ ጫውጫውታ ብምብዛሕ፡ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቅታት ምቕያር ፍጹም ዝከኣል ኣይኮነን። ጫውጫውታ ማሕበራዊ ሚድያ ንብልጽግና ካብቲ ዘይተርፍ ዕጫኡ፡ ፍርዲ ህዝቢ፡ ከድሕኖ ኣይክእልን እዩ። ምስ ህዝቢ ገጢሙ ዝሰዓረ ስለዘየለ!

**ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ**

# መዓልቲ ዓለምለኻዊ ደረጃታት

ጥቅምቲ 14 ኣብ መላእ ዓለም ብ "ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደረጃታት" ትፍለጥ። ዝ. ዕለት'ዚ ኣመልኪቶም፡ ንወሃደት ደረጃታት ናይ ዝተፈላለየ ሃገራት ብዕምቈት ዝጠጥኑ ሰለስተ ዓለምለኻውያን ትካላት—ማለት ዓለምለኻዊ ትካል ደረጃታት (ISO)፡ ዓለምለኻዊ ኤለክትሮቴክኒካል ኮሚሽን (IEC) ከምኡ'ውን ዓለምለኻዊ ማሕበር ቴለኮሚኒከሽን (ITU)— ነቲ እዋን ብዝምጥን ሓባሪ ቴማ ኣሰኒዮም ዓመታዊ ናይ ሓባር መልእኽቲ የመሓላልፉ።

በዚ. መሰረት፡ ናይ ለማዚመን ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደረጃታት ብደረጃ ዓለም ንመበል 57 ግዜ፡ ኣብ ሃገርና ድማ ብመገዲ ትካል ደረጃታት ኤርትራ (ESI) ንመበል 30 ግዜኡ "ሓበራዊ ራእይ ንዘላቕነት ዓለም" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ይዝከር ኣሎ። እዚ. ቴማዚ. ማሕበራዊ ዘይምዕሩይነት ንምውጋድ፡ ውሑስ ኣነኖሚ ንምህናጽን ክሊማዊ ለውጢ. ንምህዳእን ዝዓለሙ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ (SDGs) ኣብ ምውቃዕ ደረጃታት ዘለዎም ዓቢ. ኣበርክቶ ዘጕልሕ እዩ።

ኣብዚ. መዳይ'ዚ. ሃገርና ኤርትራ ኣመዝጊቡቶ ዘላ ዓወት፡ ኣገዳሲ. ውድባት ዓለም ዝማስከረሉ ሓቂ ምዃኑ እናዘኻኸርና፡ ትካል ደረጃታት ኤርትራ (ESI)፡ ደረጃታት ንብድሆታት ዓለምና ኣብ ምስዓርን ንኣጀንዳ 2030 ንምውቃዕ ኣብ ምቅልጣፍን ዘለወና ዝበልጹን ዝሓየሉን ኣጽዋር ምዃናም ንህዝቢ ከፍልጥ ይደሊ። ስለዚ፡ ኩሎም መንግስታውን ብሕታውን መሻርኽቲ ከምኡ'ውን መላእ ሕብረተሰብና፡ ዝ. ሓያል ኣጽዋር'ዚ. ብምትእትታው ንኣጀንዳ 2030 ብዘቖልጠፈን ዝጸፈፈን ኣገባብ ብምጥጣም ንዘላቕነት ዓለም ኣብ ምህናጽ ብሓደ ደምጺን ብሓባርን ክሰርሑ ይጽውዕ።

### መዓልቲ ዓለምለኻዊ ደረጃታት — ደረጃታት ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ (SDGs)

### ሓበራዊ ራእይና ንዘላቕነት ዓለም

ማሕበራዊ ዘይምዕሩይነት ንምውጋድ፡ ውሑስ ኣነኖሚ ንምህናጽ፡ ከምኡ'ውን ቅልጣፈ. ክሊማዊ ለውጢ. ንምህዳእ ዝተበገሱ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ (SDGs)፡ ኣዝዮም ዓበይቲ ራእያት እዮም። ነዞም ዕላማታት'ዚኦም ንምውቃዕ ምትሕብባር መንግስታውን ብሕታውን መሻርኽቲ ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ደረጃታትን ምምዝጋም ብቐዓትን (conformity assessment) ዝጠቓለሉ ኩሉም ኣብ ኣደና ዝርከቡ መሳርሒታት ምጥቃም የድሊ።

እቲ ምስ ከቢድ ዓለምለኻዊ ለቡዳ (ፓንደሚክ) ዝተጎበረ ዘይሕለል ቃልሲ፡ ማሕበረሰባት ንምእማን ዝያዳ ጽኑዓትን ዝያዳ ፍትሓውያንን ንምግባር፡ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ ብዝተኣታተወ መንገዲ. ምሓዙ ግድነት ምዃኑ ኣግሂዱ እዩ። ሎሚ፡ ንዓለምና ናብ ዝሓሸን ዝበረኸን ደረጃ ክበብ ንምባኡ፡ ንኹሎም ግዱሳት - ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ ኣብ ዘረጋግጽ መደብ ምሳና ንክሳተፉ ጸውዒትና ነቕርብ። ኣብዚ. ዕማም'ዚ፡ ደረጃታት ካብ ዝሓለፈ. ዝያዳ ኣገደስቲ እዮም።

መላእ ስርዓት-ደረጃታት ኣብ ሰመረት ሓበራዊ ምትሕግጋዝ ዝተሃነጸ እዩ። እዚ. ድማ ናይ ምትሕብባር ሓይልን ክንሓብር ከለና ካብ ናይ ነገበይና ሓይሊ. ንላዕሊ. ዝያዳ ከም እንሕይልን ዘርኢ. ህያው መረጋገጺ. እዩ። ሓቢርና ብምስራሕና፡ ሰባት ተጨበጢ. ግብራዊ ፍታሕ ንኽረኽቡን ንተኸታተልቲ ብድሆታት ብቱብዓት ንኽገጥሙን ነጥቅዓም።

ኣህጉራውያን ደረጃታት፡ ንዕብየትን ዓወትን ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ (SDGs) ዘለዎም ኣበርክቶ ብዝጕልሕ መንገዲ፡ ንብዙሕ ዓመታት ገዕዞ መዓልቲ ዓለምለኻዊ ደረጃታት ክንጉዓዝ ጀሚርና ኣለና።

ብመዐቀኒታት ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለን ሓበራዊ ራእይና ንዘላቕነት ዓለም'ን እናተመራሕና፡ ኣጀንዳ 2030 ንምቅልጣፍ ሓቢርና ደው ብምባል ንሰርሕ ኣለና።

# ሰንዓፌ - ኣብ ስርዓተ-ሓበሬታን ምሕደራን ኣብያተ-ትምህርቲ ዘተኰረ ስልጠና ተዋሂቡ



ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ን/ዞባ ሰንዓፌ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላት ብምዕባይ ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርቲ ንምውርጻጽ ዝሕግዝ፡ ኣብ ስርዓተ-ሓበሬታን ብቕዓት ስርዓተ ትምህርትን ዘተኰረ ስልጠና፡ ብ9 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ሰንዓፌ. ሂቡ።

ኣብ'ቲ ንሱፐርቫይዘራት፡ርእሱመምህራንን መምህራን ቅድመ-ትምህርትን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ስርዓተ-ሓበሬታ - ንምሕደራ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ምሕደራ መዋጽኦ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ምእካብ ሓበሬታን ምልላይ ኩነታት ኣብያተ-ትምህርትን፡ መለክዒታት ብቕዓት ኣገልግሎት ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ውሽጣዊ ብቕዓት ስርዓት-ትምህርትን ኣቀራርባ ጸብጻብ ገዝዐዊ. ሕሳባትን ኣዝዩ ኣገዳሲ. ከምዝሸፈነ በሪሁ።

ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝሎ ኣተሓሕዛ ሓበሬታን ምሕደራን ብዘመናዊ ስርዓተ ሓበሬታ ንምትካእ ምዃኑ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰንዓፌ. መምህር ዑመረዲን መሓመድ ብወገኑ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘሎ ኣተሓሕዛ ንምምዕባል ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ብምሕባር፡ እቲ ስልጠና - ብቐንዱ ኣብ መንጎ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝጸንሐ ናይ ምሕደራ ፍልልያት ንምጽባብ ስለዝኾነ፡ መምህራን ብጥበብ ክሰርሑሉ ተላቢዎም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ስልጠና ኣብ ኣተሓሕዛ ስርዓት ሓበሬታ ኪጋጥም ዝጸንሐ ጸገማት ንምፍታሕ ሓጊዙ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ብምሕባር፡ ብዕቱብ ከምዝሰርሑሉ ኣረጋጊጾም።



ኣብ ን/ዞባ ሰንዓፌ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዘምህሩ 60 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዉ።

# ዓንሰባ - ሓረስቶት ንመደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ክሰርሑሉ መዘኻኸሪ ቀረቡ

ሓረስቶት እቶቶም ብምድንፋዕ ውሕስነት መኣዝዊ መግቢ. ንኸረጋግጹ፡ ኣብ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣተኩሮም ክሰርሑ፡ ግዚያዊ ሓላፊ ክፍሊ. ሕርሻን መሬትን ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ገብረማስቀል ተወልደ ኣዘኻኺሩ።

ሎሚ ዘመን ዝናብ ደንጉዩ ከምዝጀመረ፡ ብዘርግሐ'ውን ውሑድን ዘይምዕሩይን ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ምስ ናይ ኣዝመራ ሓዊሱ፡ እቲ ዝለዓለ ማጠን ዝናብ 450.2 ሚሊ-ሜትር ኣብ ማሉቦ ከምእተመዝገበ፣ እቲ ዝተሓተ ድማ 104.6 ሚሊ-ሜትር ከምዝነበረን ኣብ ምሕሉብ ከምዝዘበን ብምጥቃስ፡ ድሕሪ ወርሒ. ነሓሰ ዝናብ ጠቒሊሉ ደው ከምዝበለ ሓቢሩ።



ብደረጃ ዞባ ሎሚ ዓመት 57,791 ሄክታር ከም እተሓርሰ ዝገለጸ ኣቶ ገብረማስቀል፡ ኣብ'ተን ኣቕዲመን ደሓን ዝናብ ዝረኸባ ንኡሳን ዞባታት ሓመልማሎ ሓልሓል ከረንን ገለ ክፋል ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድን ብልቱግን መሻላን ኣብ ደረጃ ቃንጫን ምውላድን ከበጽሕ ከሎ፡ እተን ዝተረፋ ንኡሳን ዞባታት ግና ኣብ መንጎ ጠቒሊለን ዝናብ ዘይረኸባን ዘራእተን ዝጠፍኣን ምዃነን ኣብሪሁ።

ኣብ'ተን ደሓን ዝናብ ዝረኸባ ንኡሳን ዞባታት'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ወርሒ. መስከረም ዝወቕዐ ብዘይምንባሩ ኣብ ምህርትን መግቢ. ጥሪትን ጽልዋ ከምዝፈጠረ ብምሕባር፡ ውሑዳት ዲጋታት ደሓን ዝናብ ዝኾነ ማይ ኣዋህሊለን ብምህላወን ግዱሳት ሓረስቶት ኣብ ልምዓት መስኖን ንኡስ ወህዲ ስድራቤታዊ ሕርሻን ኣተኩሮም ክሰርሑ ተማሕጺኑ።

ኣቶ ገረማስቀል ኣሰዒቡ፡ ድሮ ኣብ 112 ዒድታት ኣስታት 200 ኣባላታውያን ሓረስቶት ንመደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብምልኣት ኣተግቢሮም ምህላዎም ብምግላጽ፡ ሕጽረት መግቢ. እንስሳ ንምፍታሕ፡ ኣብ ንጥፈታት ልምዓት ጀረዲን 10 ሚእታዊት ንሓምላይ መግቢ. እንስሳ ክፍሊ፡ ሓደ ሚእታዊት ድማ ምቁር ድንሽ ክዝርኡ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ምስ ሶሚናዊ ባሕሪ ኣብ ዝዋወባ ንኡሳን ዞባታት ጽልዋ 'ኤልኒኖ' ዝኸውን ዝናብ ክህሉ ተኽእሎ ስለዘሎ፡ ኣብ መሬት ሕርሻ እኹል ምድላዋት ክግበር፣ መግቢ. እንስሳ ንምውሓስ ድማ፡ ሓረስቶት ሳዕሪ ቃንጫን ተረፍ ምህርትን ብጥበብ ክእክቡ ኣዘኻኺሩ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ.
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ.
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም        ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ        ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዝርጋሐ ናይ ሓሶት ሓበሬታ

ኤፍረም ሃብተጽዮን

ካልኣይ ክፋል

ኣብ መንግስተን ብዙሓት ናይ ሓሶት ሓበሬታ/ትሕዝቶ ዘውሕዛ ማስመራት፡ ሕሉፍ ጸግዒ ናይቲ ናተይ ዝብሉኦ ዝሕዛ ፖለቲካውያን መርበባትን ተሓባበርተን ሕሶባት ማሕበራዊ መራኸቢታትን እየን። እተን ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝጥቀሳ ክልተ ኣዝየን ፍሉጣት ስርሒታት፡ እተን ናይ ብሬትባርት ከምኡ'ውን ኢንፎዋርስ (Breitbart and Infowars) እየን። እዘን ኣሃዱታት'ዚኣተን ንኣንብበቲ ሰላም ንምኽላእ፡ ኣብቲ ናይ ሓሶት ትሕዝቶአን ገለ ሓቂ ብምጥቓሉ ዝዘርግሐ ምዱባትን ዕላማትን ኣቦት ኣለወአን። ካብ ናይዚኣቶም ትሕት ዝብል ተራ ዝጻወቱ ካልኦት ዓቐር'ውን ኣለወአን። ስለዚ፡ ኣብ ሓንቲ ገጠር ካብ ዝርከብ ኮተቴ ክሳዕ'ቲ ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ግዚኡ ኮፍ ኢሉ ዘሎ ሰብኣይ፡ ዝተፈብረኸ ሓበሬታ ብዘኾካ ሰብ ካብ ዘኾካ ቦታ፡ ናብ ዝኾነ ቦታ ክዘርጋሕ ይኽእል።

እቲ ዝያዳ ዝኸፍአ ተግባራት ናይ ሓሶት ዜና፡ እቲ ዝተወሃሃደ ወፍሪ ኮይኑ፡ ምድንጋር ንምዝራእ፡ ዘይቅርዑው ዙተ ንምፍጣር፡ ከምኡ'ውን ኣብ በናኒ ፍጻመታት መረዳእታ/ትረኻ ንምምእዛን ዝዓለመ'ዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ናይ ምብታን ኣገባብ ተወሳኺ ዘይምርግጋእ ክትኸተትኸ ይኽእል። ገሉ-ገለ ካብኡ'ም ብድሕሪ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባራት ዘለዉ ልሂቓን ድማ ዝጠዝሕ እዋን ኣይፍለጡን እዮም።

ኣብ 2020፡ ንኣብነት፡ ሰለስተ ሰዓብቲ ጥራይ ዝነበሩዋ ሓንቲ ሕሳብ፡ ኣብ ውሽጢ ትሽዓተ ሰዓት ናይቲ ዝተኸፍተትሉ፡ ፍርቂ ሚልዮን ጭቕጭቕታ (ትዊት) ገይራ። #dcblackout ዝብል "ሃሽታግ" (#) ተጠቒማ እታ ሕሳብ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዋሽንግቶን ዝተራእየ ንገበናት ፖሊስ ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ዝቓወም ምልዕዓል ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዘርግሐት። እቲ ጭቕጭቕታ፡ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ፡ ንጥፈታት ናይቶም ኣድመኛታት ንምፅንቃፍ፡ ብሞባይሎቶም ኣብ ንሓድሕዶም ከይበሃሃሉ ከም ዝኸልከሉዎም ዝገልጽ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ዘርግሐ። እቲ #dcblackout ዝብል "ሃሽታግ" ሓይሊ ኣብ ዝረኸበሉ፡ ብዙሓት ናይ ትዊተር ሕሳባት፡ ሓወልቲ ዋሽንግቶን ብኣድመኛታት እናተቓጸለት ዘምስል ስእሊ ዘርግሑ። ኣይጸንሐትን እታ ስእሊ ኣዝያ ሃበት። እታ፡ ዝቃጸል ሓዊ ኣብ ፍርቂ ናይቲ 550-ጫማ-ዝንውሓቱ ሓወልቲ በጺሑ እተርኢ ስእሊ፡ ካብታ ልቢ-ወለዳዊት ናይ ተለቪዥን ምርኢት - Designated Survivor - ዝተወሰደ (screenshot) ነበረ። ዓቐን ናይቲ ኣብቲ ጭቕጭቕታታት ዝተራእየ ደይመደያዊ ዕንወት ድማ ክገጽ'ቲ ዝኮነኦ ከይ። ኣብ ባይታ ዝነበረ ክወን ጉዳያት ኣመልኪቱ ንዝቐደድ ዝነበረ ዝርርብ ንምጥምዛዝ ዝተኻየደ ዝይተወሃሃደ ሃቐን እዩ ዝነበረ። እቲ ጸዕቂ ጸርርድ ናይቲ ኩነት፡ ነቲ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ናይ ምዝርጋሕ ወፍሪ ምቹእ ባይታ ፈጢሩሉ። ትዊተር ከም ዝበሎ፡ በዞኢት ዝቖጻር #dcblackout ዝጥቀም ዝነበረ "spammy" ሕሳባት ድማ ተዓጊዙ።

ናይ ሓሶት ወይ ዝተፈብረኸ ትሕዝቶ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ፊሊኻ ምልላዩ ኣሸጋሪ እናኾነ ብምምጽኡ፡ ከተሰልዮ ከበድ'ዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ "ዓሚቝ-ፍብረኻ - ዝተጠማዘዘ ምስሊ" ዝበሃል ክኣ'ሎ። ዓሚቝ-ፍብረኻ (deepfake)፡ እቲ ገጽ ከምኡ'ውን/ወይ ድምጺ ናይቲ ሰብ ኣርተፍሻላዊ ብልሒ ብምጥቃም ምስቲ ዝድለ ዘሎ ትሕዝቶ ብዝሰማማዕ ኣገባብ ተወሃሂዱ፡ እቲ ትሕዝቶ ክዉን ኮይኑ ከም ዝቐርብ ዝገብር ኣገባብ'ዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ፖለቲከኛ ዘይበሎ ከም ዝበሎ ዘርኢ ቪድዮ ምምስራሕ ይከኣል'ዩ፤ ሎሚ'ሞ ብዝኾነ መገዲ ኣመና ቀሊል'ዩ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ጥምዝዝ ትሕዝቶ ክኸስተሉ ዝኽእል ሳዕቤን ኣዝዩ ኣርዑዲ'ዩ። እንታይ እዩ ግን እቲ ክስዕብ ዝኽእል፤ ክትግምቶ ዝኽበድ ኣይኮነን። "እንተ ደኣ ምስሊ ክትቀይር [ብዝኾነ ኣገባብ] ትኽእል ኴንካ፡ ታሪኽ ክትቀይር'ውን ትኽእል ኢኻ" ይብል ክኢላ ረቂቕ ድጂታዊ ምርመራ ሃኒ ፋሪድ።

### ድሕረ-ሓቂኣዊት ዓለም

ኣብዚ ዘመን ምዕቡልን ሰፊሕን ዝርጋሐ ሓበሬታ፡ ሰኣናት ተኣሚኒ ሓበሬታ ካብ ዝዓበዩ ጸገማት ኮይኑ'ሎ። መዝገበ-ቓላት ኦክስፎርድ፡ "ድሕረ-ሓቂ" እትብል ቃል ናይ ዓመት-2016 ዝበለጸት ቃል ክብል ገሊጹዋ'ዩ። ፕረሲደንት ናይቲ መዝገበ-ቓላት፡ "ድሕረ-ሓቂ እትብል ቃል ሓንቲ ካብ ዝዓበየ ትርጉም ዘለወን ቃላት ዘመንና እንተ ኾይኑ ኣይግረምን'የ" ብምባል እታ ቃል ዝፈጠረቶ ጽልዋ ገሊጹ።

ከተያ (ማለትውን) ድሕረ-ሓቂ፡ መረዳእታ ሓፋሽ ኣብ ምቕናይ፡ ወድዓዊ ጭብጢ ዘለዎም ጉዳያት ካብቶም ብስምዒትን ብውልቂ መረዳእታን ዝመስረቶም ዝተሓተ ጽልዋ ከም ዘለዎም ምስ ዘርኢ ኩነት እዩ ዝተሓሓዝ። እታ ቃል፡ ምስቲ ኣብ 2016 ዝነበረ ወዕወዕ ፕረሲደንታዊ ምርጫ ኣመሪካን ምውጻእ ብሪጣንያ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረትን (Brexit) ተተሓሒዛ እያ ተመሪጻ።

ኣብኡ ጥራይ ግን ደው ኣይበለትን። ወላ'ኳ ሰባት ነቲ ክውንነት ኣብ ቅድሚ ዓይኖም እንተ ረኣዩ፡ እኽሉ ግን ኣይቀበሉን። ደጊም፡ ምርኣይ ምእማን ኣይኮነን።

ኣዳለውቲ ናይ ሓሶት ሓበሬታ፡ ነቲ ዝዘርግሕዎ ሓበሬታ፡ ልክዕ ብሞያዊ ኣቀራርባ ጋዜጠኛታት እዮም ዘዳልውዎ። ሓሶት'ዩ ብማለት ሽለል ከይበሉ፡ ከቶምንን ክደናግርን ብዝኽእል ኣገባብ ይምስርሑዎ። ኣብ ገለ እዋን ክስዕ ንባዕላቶም'ውን ሓቂ ኮይኑ ክስምዖም ደርኡ። እቲ ክብሉዎ ዝደልዩዎ ኣመንግው ምባል ከኣ ቀንዲ ክእለቶም'ዩ። ሓደ ካብ ግብሪ ኣብነታት ናይዚ፡ ጸገሕ እቲ ንትረምፕ ወግዓዊ ጽንብል ፕረሲደንትነት ዝተገብረሉ መዓልቲ ተራእዩ። ሓለፊት ፕረስ ፕረሲደንት ትረምፕ፡ ዜናዊ መግለጺ ዝወሃበሉ ኣጋጣሚ ብምጽዋዕ፡ ብዛዕባ'ቲ ብጋዜጠኛታት ዝዘርግሐ ንጠዚሕ ኣብ ጽንብል ፕረሲደንትነት ትረምፕ ዝተሳተፈ ህዝቢ ዝገልጽ ሓበሬታ፡ መበርሂ ንምሃብ ድማ ነበረ። ትረምፕን ጉጅለኡን ኣብ ታሪኽ ናይታ ሃገር እቲ ዝጠዘሐ ህዝቢ ዝተሳተፎ ጽንብል ዝብል ግጉይ ሓበሬታ ሂቦም'ዮም። ኣይቲጎን ግን፡ እቶም ዝዶብዑ ጋዜጠኛታት፡ ብጠቕላላ ዝተሳተፈ ህዝቢ ንምግማት ዘኽእሉ ምንጭታት ኣገባባት ብምቕራብ ነቲ ግጉይ ሓበሬታ ክብድሁዎ ፈተኑ። ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈት ትረምፕ ግን፡ "ካልእ እማረጺ ጭብጢ" ኣሎና ብዝብል፡ ነቲ ወግዓዊ ምንጪ ክጸግዉዎ ተራእዩ። ገለ ሰባት፡ ነቲ ዝተዋህበ ግጉይ ሓበሬታ ኣሚኖም፡ ደሮ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዘርገሑዎ።

ካብዚ ንደሓር፡ ዝርጋሐ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ኣብ ዘመን ቀዳማይ እብረ ፕረሲደንትነት ትረምፕ - ካብ 2016 ክሳዕ 2020 - ቀጺሉ። ትረምፕ፡ ነቲ ኣብ ምርጫ 2020 ዘጋጠሞ ስዕረት ንምኽዋል፡ ኣብ ህዝቢ ምጥርጣር ክፈጥር ዝኽእል፡ ተኣማንነት መስርሕ ምርጫ ዘጥፍእ ሓበሬታ ኣብ ምዝርጋሕ ኣትዩ እዩ።

ሓቂ ኣየድልን'ዩ ዝብል ናይ ገለ ሰባት/ወገናት ውዲት ከቕልሶኖ'ዩ ዘሎ። ከም ኣተርቲ ሓቅን ዝተረጋገጸ ሓበሬታን መጠን ኣብዚ ዘመን "ድሕረ-ሓቂኣዊት ዓለም" ብኸመይ እዩ ክረጋገጽ ዝኽእል፤ ኣብ ድሕረ-ሓቂኣዊት ዓለም ምንባር ማለት፡ ደገም ሓቂ ኣድላዩነት የብሉን ወይ ዝገደሶ ሰብ የለን ማለት ኣይኮነን ወይ ከምኡ ክኸውን የብሉን። ከምዚ ክበሃል እንክሎ፡ "ሓቂ ኣብ ሰማኣት ኣብ ዘለወሉ ዓለም ንነብር ኣለና፤ እንታይነት ሓቂ እናረሓቐና ይኸይድ ኣሎ ንምባል'ዩ"። ድሕረ-ሓቂኣዊት ዓለም፡ ምስ ዝርጋሐ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ተኣሳሲሩ፡ 'ሓቂ ቀደም ነበረ፤ ሕጂ፡ ሓቂ ኣብ ዝነበረ'ምበር ኣብ ሓቂኣዊት ዓለም ኣይትንናን ንብር ዘለና' ንምባል ዝተባህለ'ዩ።

### ስሉምንታይ እዮም ሰባት ዝተፈብረኸ ሓበሬታ ዓኽልኦት ዘፍሉ

ሰባት - ኣመና ጠንለ ዘይብሉ'ውን ይኹን - ናይ ገዛእ-ርእሶም መረዳእታን ባህላውነትን ዝድግፍ ምስ ዝኸውን ዝተፈብረኸ ዜና ኣብ ምዝርጋሕ ተጻለውቲ እዮም። ናይ ምርግጋጽ ኣድልዎ (confirmation bias) ዝብል ኣምር፡ ስሉምንታይ እዮም ሰባት ከምኡ ከም ዝገብሩ ኣብ ምግላጽ ሓጋዚ'ዩ። "ናይ ምርግጋጽ ኣድልዎ"፡ ምስ ናይ ገዛእ-ርእስኻ መረዳእታ ዝሰማማዕ ምንጪ ሓበሬታን ሓበሬታን ከም ቅኑዓትን ተኣማንትን ገይርካ ናይ ምውሳድ ዝንባለ ኮይኑ፡ ኑዩም ኣንጻር መረዳእታኻ ዝኾኑ ድማ ዋጋ ምኽልኣ'ዩ። ሰብ ከም ዝሕብሩዎ፡ ሰባት ምስ ስምዒቶም ዝሰን ሓበሬታ ምስ ዝረኽቡ - ቅኑዕ ዘይምዃኑ'ውን እናፈለጡ - ናብ ካልኦት የመሓላልፉዎ'ዮም፡ ብቡ'ያዓምር ከኣ።

ምስ ናይ ምርግጋጽ ኣድልዎ (confirmation bias) ዝዛመድ፡ ጽልዋ ወይ ሳዕቤን መቓልሕ ውሻጠ (echo chamber effect) እዩ። ኣብዚ፡ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ናብቲ ክርእዮምን ክሰምዑዎምን ዝደልዩ ሓበሬታ ዝተቓልዑ እዮም። እዚ ድማ፡ መቓልሕ ውሽጢ ብምፍጣር፡ እቲ ናይ ገዛእ-ርእሶም ርእይቶ ተመሊሱ ኣብ ኣእዛኖም ከም ዘንበድብድ ይኽውን። ኣብዚ ውሻጠ'ዚ፡ ተመሳሳሊ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ብምድግጋም ይዘውር። እቲ ንተመሳሳሊ ሓበሬታ ዝተቓልዐ ሰብ ድማ ሓቅነቱ ብዘየገድስ ዝያዳ ክኣምኖ ይኽእል። እዚ ኣምር'ዚ ብኻልእ ኣበሃህላ መሰሸዊ ሓቂ ተባሂሉ ይግለጽ።

ከተያ ናይቲ ድሕረ-ሓቂኣውነት ዝበሃል ኣምር ከም ዘመልክቶ፡ 'ስምዒት' ኣገዳሲ ኣካል'ዩ። ናይ ሓሶት ትሕዝቶ፡ ወትሩ ተረር ስምዒታዊ መልሰ-ግብሪ ብምቕስቃስ፡ ኣብ ክንዲ ንርትዓዊ ንልቢ'ዩ ዝትንኽ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ሓሶት ሓበሬታ ናይ ምዝርጋሕ ተኽእሎ ብዝለዓለ ደረጃ ይወስኽ። ብድሕሪ'ቶም ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዝምህዙ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩነት ኣሎ። ስምዒት ብምቕስቃስ መረዳእታና ከም ዝጥምዝዞን ስምዒትና ከም ዝገንፍልን ይገብሩ። እቲ ብውጥን ዝዘርጋሕ ትሕዝቶ፡ ብስምዒት ሰባት ይጸውት። ኣዝዩ ወጽኣታዊ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ከም ዘርዕድና፡ ዘቑጥዓና፡ ዘርምና ወይ ኣብ ፈንጠዝያ ከም ዘሕጉሰና ዘጠራጥር የብሉን።

ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምብታን ዝፈጥሮ ማሕበራዊ ደሰታ እውን ካልእ መዳይ ናይቲ ጉዳይ እዩ። ገለ ሰባት ናይ ሓሶት ሓበሬታ ብምብታኖም ጥራይ ኩርዓት ይስምዖም'ዩ። ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝረኽብዎ መልሰ-ግብሪ - "ላይክ"፡ "ሸር"፡ "ኮመንት" - ድማ ናብ ወልፊ ክምዕብል ዝኽእል ስምዒታዊ ዕግበት ይፈጥረሎም። ኣብ ተመሳሳሊ ኩነት-ኣእምሮ ዘሎዎም ሰባት፡ ዝንባለ ምዝርጋሕ ናይ ሓሶት ሓበሬታ፡ ናይ ሓባር መራኸቢ ነጥቢ ይኾኖም። ልክዕ ከምቲ መጻሕፍቲ ዘንብቡ፡ ስፖርት ዘዘውትሩ. . . ተመሳሳሊ ዝንባለ ዝህልዎም፡ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዝዝርግሑ ድማ ኣብቲ መርበባት ይጨናነቑ'ሞ ይራኸቡ። ተኣኪቦም ድማ ንመስመር ዝርጋሐ ሓበሬታ ማሕበራዊ መራኸቢታት ብብኸላ ሓበሬታ ይዕብሉኽዎ። ናይ ሓሶት ሓበሬታ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናንገልሐ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ደቂ መሃምርቲ ስለ ዝጠዝሑን ተዓሰብቲ ስለ ዝጸጹሩን ድማ እቲ ብዙሒ ቀሊል ኣይኮነን።

ስሉምንታይ እዮም ሰባት ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዝዘርግሑ ዝብል ዝተሓላለኸ ጉዳይ ኣብ ቦታኡ እንክሎ፡ ዝ. ንምቕልባስ ዝቐደድ ጻዕሪ ከኣ ክቁረጽ የብሉን። ሰባት ንሓበሬታ ብኸመይ ደረኽቡዎ፡ ይትርጉሙዎ፡ ይምስርሑዎ፡ የሕልኽዎ. . . ክፈልጡ ኣሎዎም። ሎሚ፡ ይትረፍ ኣብዚ ኻፍሲ-ወዝፍ ሰብ ከም ዊንታኡ ዝሰንድረሉ መርበባት ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ኣብ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ዝበዓላ ዝቐርብ ትሕዝቶ'ውን ነፈኻ'ዩ ከም መረዳእታን ሓበሬታን ክወሰድ ዘሎም። ኣፍልጦና ኣብ ሓበሬታን ዝርጋሓኡን ዝወጽኦ ትርጉምን ንምዕባይ ከኣ ኣቦርቲኻና ክሰፈርሕን ማሰረታዊ መረዳእታ ክንሕዝ ኣሎና።

ኣብ ዝቕጽል፡ ናይ ሓሶት/ዝተፈብረኸ ሓበሬታ ብኸመይ ክለልዮ ዝብል ዛዕባ ክንርኢ ኢና።

**ይቕጽል**

## ንእፎልጦ!

ኣብ ዓውዲ ጋዜጠኝነት፡ ወትሩ ዝለዓሉ ህቡባት ሽዱሽተ ሕቶታት ኣለዋ። ንሳተን ድማ "5 W and an H" ዝብል ህቡብ ስም ኣለወን። እዘን ሕቶታት'ዚኣተን ሓንቲ ዜና ወይ ዜናዊት ጹብጹብ ምልእቲ ንኽትብሃል ክትምልሰን ዘሎዋ እየን። ዝጠዝሕ እዋን ኣብ ዜና፡ እታ "ስለምንታይ" እትብል ሕቶ ቅልጡፍ መልሲ ዘይክትረኽብ ትኽእል'ያ። ምኽንያቱ፡ ጠንቂ ምውዳቕ ኣራት፡ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ . . . ሽዑ ኢልካ ስለ ዘይፍለጥ። እተን ዝተረፋ ግን ከም ኩነታቱ ክሽፈና ኣለወን። ብሕጽር ዝበለ ንርኣየን፡

መን

- መን'ዩ ኣብዚ ፍጻመ'ዚ ኢድ ዘሎዎ፤
- መን'ዩ ግዳይ ናይቲ ፍጻመ፤
- መን'ዩ እቲ ቐንዲ ብዛዕባ'ዚ ፍጻመ'ዚ ክሕብር ዝኽእል፤ ዝያዳ ሓበሬታ ዘሎዎ መን'ዩ፤
- ኣብዚ ዛንታ ዘለዉ ኣንጻራት መኑመን እዮም፤ ዘራኽቦም ነገርከ ኣሎዶ፤
- ካብዚኣቶም ወጻኢ ብዛዕባ'ዚ ፍጻመ ንመን ክዘራረብ እኽእል፤

እንታይ

- እንታይ እዩ ኣጋጢሙ፤
- እንታይ እዩ እቲ ቐንዲ ነጥቢ ናይቲ ዛንታ፤ እንታይ እያ ክብል ደልየ ዘለኹ፤
- ኣንባቢ፡ ረኣይ፡ ሰማዒ ነዚ ዛንታ'ዚ ንኽርድኦ እንታይ ክፈልጥ ኣሎዎ፤
- ዘገረመኒ ነገር እንታይ እዩ፤ ሕመረት ናይዚ ፍጻመ እንታይ እዩ፤
- እንታይ እዩ እቲ ታሪኽ፤ እንታይከ ኪጋጥም'ዩ ኣብ መጻኢ፤
- ሰባት ብዛዕባ'ዚ ፍጻመ'ዚ እንታይ ክዛረቡ ኣሎዎም፤

ኣበይ

- ኣበይ እዩ ቦታ ፍጻመ፤
- ናበይ ከይደ'የ ዝያዳ ሓበሬታ ክረክብ ዝኽእል፤
- እዚ ፍጻመ'ዚ ናበይ ገጹ'ዩ፤ ብኸመይከ ክዛዘም'ዩ፤

መዓስ

- መዓስ'ዩ ኣጋጢሙ፤
- ነጥበ-መቐይሮ ናይቲ ፍጻመ መዓስ'ዩ ተፈጺሙ፤
- ነዚ ዛንታ'ዚ መዓስ'የ ክጽሕፎ ዘሎኒ፤

ስለምንታይ

- ስለምንታይ እዩ ኣጋጢሙ፤ ተሃሊሉ ዝርኣ ፍጻመ ድዩ ወይስ መቐጸልታ ካልእ ፍጻመ'ዩ፤
- ስለምንታይ እዮም ሰባት ከምኡ ዝኣመሰለ መልሰ-ግብሪ ዝሀቡ ዘለዉ፤ እቲ ድርኺት እንታይ እዩ፤
- ስለምንታይ'ዩ እዚ ዛንታ'ዚ ጉዳይ ዝኸውን፤ ስለምንታይ ዝኸኣ ሰብ ክርእዮ፡ ክሰምዖ፡ ከንብቦ ዘሎዎ፤
- ስለምንታይ እየ እዚ ዛንታ'ዚ ኣገዳሲ'ዩ ዝብል፤

ብኸመይ

- ብኸመይ እዩ ተፈጺሙ፤
- በዚ ፍጻመ'ዚ ብኸመይ እዮም ነበራት ክጽለዉ ወይ ክልወጡ፤
- ብኸመይ እዩ እዚ ዛንታ'ዚ ንሰማዒ፡ ኣንባቢ፡ ረኣዪ ክሕግዞ፤
- ብኸመይ እየ ነቲ ሓበሬታ ክረኽቦ፤
- ሓደ ሰብ፡ ነዚ ዛንታ'ዚ ንዓርኩ ብኸመይ ምገለጸሉ፤

ጽሑፍና እምበኣር፡ ነዘን ሕቶታት እዚኣተን ብዝኾነ መንገዲ ከም ዝመለሰ ከረጋግጽ ኣሎና። ምኽንያቱ ሓበሬታና ድማ ወትሩ ሰባትን መወከሲታትን እዮም።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኻ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ገሉብ ደሓን |
| 14:25 | መደብ ህርመት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማዕመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ስነዳዊት ፊልም ትም ምባል ስለዝመረጸ 4ይ ክፋል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርእ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ትልሂት ተሓምበለ፡ ናይ ሰላምን ሕብረትን ጸወታ እዩ” ሰነ-ጥበበኛ ሄርሞን ሓጐስ

*ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ሕታምና፡ ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራውን ማሕበራውን ጸንበላትን ኢጋጥሚታትን ኣብ ዓውዲ ትልሂት ብዙሕ ፍርያት፡ ኣበርክቶ፡ መጽናዕቲ ምስ ዝገበረ ኣላዪን ዳኛን ትልሂት ሰነ-ጥበበኛ ሄርሞን ሓጐስ ቃለ-መሕተት ኣካይድና ምንባርና ይፍለጥ። ንሎሚ 2ይን መወዳእታን ክፋል ይስዕብ፤*

**- ቀጺልና ከሎማዓሉ ደልየ ዘለኹ ትልሂት ተሓምበለን ኣስታለለን እዩ፡ ቅድሚ ናብ'ቲ ቀንዲ ሕመረቱ ምእታውና ኣስታለለን ተሓምበለን ፍልልይ ኣለዎ ድዩ?**

ሓደ ኣብ'ዚ ክርደኣና ዘለዎ ነገር ኣሎ። ኣብ ትልሂታቶም ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣጸዋውታ እዩ ዘለዎም። እቲ ህርሙቶም ግን ሓደ እዩ፡ ተሓምበለ ብእኩብ ዝጽወት ወማዒ እዩ፡ ካብ ኣመጻጽኣኡ ጀሚርካ ዓቢ ትርጉምን መልእኽትን ዘለዎ ጸወታ እዩ፡ ናይ ሰላም፡ ፍቕሪ፡ ጥምረት፡ ሓድነትን ስኒትን.... ብሓፈሻ ጸቡቕ ፋል ዝሓዘለ ጸወታ እዩ።

**- ጸወታ ተሓምበለ ኣብ ዝቐደለ፡ ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ጸወታ እንታይ ናውቲ እዮም ዝጥቀሙ?**



ጸወታ ተሓምበለ ኣብ መድረኽ

ኣብ ከባቢታት ጽልማ ን/ዞባ ደባርዋን ምሉእ ካርነሽምን እዩ ዝጽወት። እቲ ጸወታ፡ ህዝቢ ኑቲ ቤተክርስቲያን እናዝሩ ወይ ኣብ ማእከል ባይቶን ማእከል ከበዲ ዓዲን ዝግበር ጸወታ እዩ። መብዝሕትኡ እዋን ጸወታ ተሓምበለን ኣስታለለን ኣብ ሕብረተ-ሰብ ትግርኛ ምስ ሃይማኖታዊ በዓላት ተኣሳሲሩ ዝኸይድ እዩ። ኣብ ካልእ ናይ ሓጎስን ሓድነትን ኢጋጥሚታት'ውን ይጽወት እዩ፡ ዝበዝሕ ግዜ ግን ጽልዋኡ ኣብ ሃይማኖታዊ በዓላት እዩ ዝዝውተር።

**- ተጻወትትን ተለሃይትን ናይ'ዚ ወማዒ መን እዮም?**

ተሓምበለ ናይ ሓባር እዩ፡ ኩሉ ሰብ እዩ ዝጻወቶ። ኋሉ ወዲ፡ ሰበኣዩ ሐዚም ቀቅድሚ'ቲ ኣሽሓት ተሳተፍቲ መራሒሞ ይዛሩ እዮም።

**- እቲ ዝሕዝኦ ቆጽለስ ናይ ምንታይ ምልክት ኩን ይኸውን ሄርሞን?**

ቆጽሊ ናይ ሰናይ፡ ሰላም፡ ራሕሲ፡ ጽጋብ ምልክት እዩ። ቀጠልያ ሕብሪ ከኣ ንመንፈስካ ሰሓቢ ትርኢት እዩ። ሰብ ንመጽለሊ ጥራሕ ኣብ ኢደን ሓዚንኦ ዝዙራ ይመስሎ ይኸውን። ብልክዕ ከምኡ ግን ኣይኮነን፡ ከም መግለጺ ናይ ጸቡቕ ምንጾትን ፋልን እየን ዝጥቀማሉ። ተሓምበለ ንባዕሉ ከም ቃል ናይ ሰናይ ትምኒት እዩ፡ ደሓን ኩይኑ'ዩ፡ ሰላም ኩይኑ'ዩ ማለት እዩ። ቢቃ ናይ ሰናይ ድሌት መግለጺ እዩ።

**- ከም ጸወታ'ዚ ተሓምበለ፡ ሰበት ብሓጐስን ፍሽኽታን እዮም ዝጻወትዎ፡ ኣብ ርእሲ'ዚ ክትብሎ ዝጸናሕካ እንታይ መልእኽቲ እዩ ዘለዎ?**

እዚ ጸወታ'ዚ ናይ ሓባርን ሕብረትን ወማዒ እዩ፡ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞካ ትጻወቶ ኢሎ። ብክቢ እናተዘርጋሕካን እናተኣኪቦካን እትጻወቶ ኣሎ። እዚ ጸወታ'ዚ ከኣ፡ ህዝቢ፡ ንሰላማዊ ህሉው ኩነታትን ጸቡቕ ፋል መጻኢኡን ዝገልጸሉ እዩ። ብሓፈሻ ምልክት ርጉእነትን ቅሳነትን፡ ፍቕርን ሓድነትን፡ ... እዩ። ኣብ'ቲ ጸወታ ናይ ነዊሕ ዚግዞፕን ዝተጠዋወየን መንገዲ ኣሎ። ተታሓሒዝካ ኣብ ሓደ ዕንክሊልን ክብን ኴንካ ዝጽወት ቅዲ እዩ። እቲ ምልክት ኢድ ንኢድን ክብን እኮ መልእኽቱ ዕዙዝ እዩ። ዝኸዐ ዘይናትካ ወገን ማለት ጓና ይኹን ጸላኢ ኣይኣትወካን እዩ። ምኽንያቱ ክቢ ማለት ናይ ምክልኻልን ምሕብርን ምልክታት እዩ ዘለዎ። ንሓደ ምዃን ናይቶም ህዝቢ ዝገልጽ እዩ። ኣብ ግዜ ጸወታ ተሓምበለ ኩሉ ነገር ሰናይ እዩ፡ ዋላ ንዋዒሕ እዋን ኣብ ቂምን ባእስን ዝነበሩ



ሄርሞን ምስ ዘሰልጠኖም ተለሃይቲ ምብራቓዊ እዚ

ብዛዕባ ምስ ናውቲ ዝተኣሳሰር ከዕልል እንተ ደኣ ኴንና፡ ደቂ-ኣንስትዮ ጽላልን ኣቕጽልትን ሐዚን፡ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ዲኖን ሸረራን ተዓጢቖም ከም ዋልታን ጭማራን በትርን ጉራደን ሐዚም እዮም ዝጻወትዎ። እዚ ትልሂት ወይ ጸወታ'ዚ ብእኩብ እናዘሩን ጥውይዋይ ብኣኳይዳ ሸንቲ ብዕራይ ብምፍጣር ዝቐርብ ጸወታ እዩ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኹ ኣውርስ ከምኡ ዓይነት ባህሪ የብሉን። ውልቃዊ ክእለትካ እተንጸባርቐሉ ጸወታ እዩ። ተሓምበለ ግን ክእለትካን ብቕዓትካን ተንጸባርቐሉ ትልሂት ኣይኮነን ናይ ሓባር እዩ።

**- ጸወታ ተሓምበለ ወይ ኣስታለለ መዓስ እዩ ዝጽወት? ኣበይ እዩ ዝጽወት፡ መኑመን እዮምከ ዝጻወትዎ?**

ተሓምበለ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ዓበይቲ ጽንብላትን በዓላትን ከምኡ'ውን ዓበይቲ ንግደታትን እዩ ዝጽወት። ኣብ ክሳድ ዳዕሮ፡ ጉሕ ጨዓ፡ ገረሚ፡ ደምባዛን፡ ሕምብርቲ፡ ሊባን ወኪ...እምባ ደርሆ ኣብ ዓመታዊ በዓል ጉዳም ኣቡነ ሊባኖስ፡ ንግደት ቅዱስ ሚካኤል ...ብሓፈሻ

ሰበይቲ፡ ብኣተቓላሊ ዓበይትን ንኣሽቱን ተጣሚሮምን ተሓዋዊሶምን ዝጻወትዎ ጸወታ እዩ። ኩታ ናይ ሕብረት ጸወታ እዩ፡ ከም'ቲ ኣቐዲመ ትንክፍ ዘበልኩልካ እቶም ሰብኡት ዋልታን ጉራደን ሐዚም፡ እተን ኣንስቲ ከኣ ጽላለን ሐዚን ብስሉም ማሕዘል ቁልዑተን ሓዚለን ገሊኣን'ውን ኑቲ ዓመታዊ ንግደት ወይ በዓል ዝኸውን ሞባእ እኽሊ ሐዚን ገሊኣን ቆጽሊ ሐዚን እየን ዝሳተፈኦን ዝጻወተኦን። ኣብቲ ናይ ንግደት በዓል እንተ ደኣ ከይድና'ውን መራሕቲ ሃይማኖት'ውን ጽላል ቤተክርስትያን



ሰበት እዮም ኣብ ጸወታ ተሓምበለ ዝዕረቑ። ዝበርም ባእሲ ኣብቲ ጸወታ ጠቐሊሎም ይሓድግዎን ይርስዕዎን። ምኽንያቱ መልእኽቱ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ስለ ዝኾነ።

ኣብቲ ጸወታ ምስ ኣተው፡ ናይ ሰላምን ሰናይን መድረኽ ስለ ዝኾነ ከይፈተው፡ ይርስዕዎን ይገድፍዎን። ህዝብና ድማ ካብ ጥንቲ ንጸወታ ተሓምበለ ከም ሓደ ዓቢ ናይ ሙተዓረቒ መድረኽን መዕቀቢ ወርሻታቱን ይጥቀመሉ ከም ዝነበረ፡ ንዓበይቲ ሰበት ኣብ ትሓተሉ እዚ መልሲ'ዚ እዩ ዝጸንሓኒ።

**ሕራይ ሄርሞን፡ ብመሰረት ዝገበርኩሞ መጽናዕትታት ኣብ ዓበይቲ ጽንብላትን በዓላትን ዝዝውተሩ እንተ ደኣ ኴይኖም፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ዝውታረኦም ከመይ ኣሎ? ይዕቀብ ኣለወዶ ትብል?**

ከም'ዚ ዝበልኩኻ ኣብ'ዚ ዝጠቐስኩልካ ከባቢታት ዞባ ደቡብን ማእከልን ኣብ'ቲ ዓበይቲ ንግደታትን በዓላትን ይዝውተር እዩ። ዋላ ደኣ ምስ ነገድቱን ተሳተፍቱን ብምንጽጻር ከም'ቲ ናይ ቀደም ኣይኮኑን እምበር፡ እቶም በዓላት ስለ ዝግበሩ ግን ህዝቢ ብመጠኑ ይሳተፎም እዩ። እዚ ጸወታታትን ወማዒታትን'ዚ ኣይሃሰሰን ዘሎ። ከም ትልሂት ግን፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ክጽወት ዝግበኦ

ሕብርን ያታን ክብርን ወማዒን ልምድታትን ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ኩይናም እዮም ክሳብ ሕጂ ዝኸዱ ዘለዉ። ምስ'ቲ ቅልጡፍ ምዕባለታትን ጽልዋን ዓውለማ እቲ ሕብረተ-ሰብ ናብቲ ዘመናውነት ገጹ ክኸይድ እንከሎ ግን፡ እዞም ያታዊ ትልሂታትና ከይጠፍኡን ከይሃሱን



የሰክፍ እዩ። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ዝዝውተሩ ዝነበሩ ኣፉበራቕን ምስልን ክብርታትና ዝኾኑ ትልሂታት ዝጠፍኡ'ውን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣነ ከማን ኣብ ኣስመራ ዘርከብኩሉ፡ ሕብረተ-ሰብና ቅድም ዘካይዶም ዝነበረ ጸወታታትን ወማዒታትን ሕጂ ዘየለዉን ዝሃሰሱን ኣለዉ።

**- እሰከ ጥቕሰልና፤**




እዩ። ሓደ ኣቡኡም ክጠፍኡ ወይ ክበርሱ ዘይግበኦም ትልሂታትናን ጸወታታትናን እዮም። ስሕት ኢሎም ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫላትና ይቐርቡ እዮም። ኪኖኡ ክኸይድ ዘለዎ እዩ ኢለ እየ ዝሓስብ፤ ኣብ ዝግበሩ ዘለዉ ክሊፓትና ይኹኑ ኣብ ዝግበሩ ሃገራዊ በዓላትና ድማ፡ ብብዝሒ ክቐርቡን ክዝውተሩን እንተኽኢሎም ግን እቲ ናይ ምዕቃብ መሰርሖም ብቐሊሉ ክዕቀቡን ቀጻልነቶም'ውን ክውሓስ ይኽእል እዩ ኢለ'የ ዝኣምን።

**- ሄርሞን፡ ንዝበም ኣለና'ሞ፡ ዝተረፈ እንተደኣሎ ዕድል ክህበካ፤**

ኣብ መደምደምታ እንታይ እየ ዝብል፡ ያታዊ ትልሂታት መሰረት ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ እዮም። ካብ ጥንቲ ጀሚሮም መግለጺ መንነትን

ከም ብዓል ወማዒ ማርያም ግንቦት፡ ወማዒ ዓሮን ግራሮን ነይሩ፡ ወማዒ ምቕንጣጥ...ወዘተ። ሕጂ ግን እዚ ይግበር የለን። ስለምንታይ እዩ ከምኡ ኩይኑ እንተደኣ ኢልካ፡ እቲ ዓውለማ ዘምጽኦ ሽግራትን ጸገማትን እዩ ከም ዝጠፍኡ ወይ ከም ዝሃሱ ገይሩዎም ዝርከቡ። ኣብ'ቲ ካልእ ከባቢ ዘለዉ ልምድታትና'ውን ከይጠፍኡን ከይጽለዉን የሰክፈካ እዩ። ስለ'ዚ እዚ ንብሎ ዘለና ያታታትና ክዕቀብ እንተደኣ ኩይኑ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣብ ባህሊ ተገዳስነት ዘለዎ ሰብ፡ ናብ ሓዲሽ ወለዶ ክሰጋገር ከም ዘለዎ እየ በዚ ኣጋጣሚ ከዘኻኽር ዝደሊ።

የቐንየልና!

# ጸጋታት ባሕሪ

## ጽልዋ ኤል-ኒኖ ኣብ ስራሓት ዓሳ

ኣታኽልቲ ንጉሰ




ኤልኒኖ (EL-Nino Southern Oscillation)፡ ባሀርያዊ ናይ ክሊማ ተርእዮ ኮይኑ፡ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ዝርከብ ማይ ናይ ማእከላይን ምብራቓዊን ሰላማዊ ውቅያኖስ፡ ብሰንኪ ምቅይያር ባህሪ ንፋሳት፡ ምቅይያር ሙቐት ንዓለማዊ ከኣታት-ኣየር ከዘብዕ እንከሎ፡ ዝጋጥም ክስተት ዝወሃብ ስም እዩ።

ኣብ ንቡር እዋናት፡ ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝፍሱ ብንፋስ ነጋዶ (Trade winds) ዝፍለጡ ንፋሳት፡ ካብ ምብራቕ (ከባቢ ደቡብ ኣመሪካ ብፍላይ ፔሩን ኤኳዶርን) ናብ ምዕራብ ሰላማዊ ውቅያኖስ (እሲያን ኣውስትራሊያን) ኑቲ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ናይ'ቲ ውቅያኖስ ዝርከብ ውዑይ ማይ እናደፍኡ ይፍሱ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ'ዚ ወቕቲ ከባቢ ኢንዶነዥያን ኣውስትራሊያን ብዙሕ ዝናብ ክረክብ እንከሎ፡ ምብራቓዊ ሰላማዊ ውቅያኖስ (ከባቢ ደቡብ ኣመሪካ ብፍላይ ፔሩን ኤኳዶርን) ድማ ደርቂ የጋጥሞ።

በቲ ሓደ ወገን ኑቲ ኣብ መዓሙቕ ውቅያኖስ ዝርከብ ዝሑል-ማይ ናብ ላዕሊ ስለ ዘውሕዝ፡ ናይ ማዕድናት ምትሕውዋስ ይፈጥር እሞ፡ ምብራቓዊ ክፋል ሰላማዊ ውቅያኖስ ብፍላይ ገምገም ባሕሪ ደቡብ ኣመሪካ ፍርያምነቱ ኣዝዩ ይወሰኽን ዘይተኣደነ ብዝሒ ዘለዎም ዓሳታት ይግፈፉን። ንኣብነት፡ ኣብ ዓመት 2022 ፔሩ 4.12 ሚልዮን ቶን፡ ቺለ ድማ 0.74 ሚልዮን ቶን ብጠቕላላ 4.9 ሚልዮን ቶን “ብፔሩቭያን ኣንቾቪታ” ዝበሃል ሓደ ዓይነት ዓሳ ጥራይ ገፊፈን።

እዚ ኣብ ንቡር እዋን ዝፍጸም ዑደት ምስ ዘጋጥም ማለት ንፋስ ነጋዶ ምስ ዝድኽሙን ኑቲ ኣብ ጸፍሒ ውቅያኖስ ዝርከብ ውዑይ ማይ ተሰኪሞም ምስ ዘይከዱን እቲ ኣብ ከባቢ ኣውስትራልያን ኢንዶነዥያን ዝተኣከበ ውዑይ ማይ ቀስ ብቐስ ንድሕሪት ማለት ንማእከልን ምብራቕን ሰላማዊ ውቅያኖስ ይምለስ እሞ ኤልኒኖ ይፍጠር።

ኤል-ኒኖ ንምውሳኽ መጠን ሙቐት ጸፍሒ ባሕሪ ክበልጽ እንከሎ፡ ላኒና (La-Nina) ከኣ መጠን ዋዒ ምስ ዝጎድል ዝወሃብ ስም እዩ። እዚ ባሀርያዊ ተርእዮ'ዚ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 2-7 ዓመት ይርኣ። ብዝሓጋም ክርኣ እንከሎ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 3 ዓመት ይኽሰት። ሓንሳብ ምስ ተኸሰተ ድማ፡ ካብ 9-12 ኣዋርሕ ይጸንሕ። ምስ ላኒና ብምውድዳር፡ እቲ ዝበዝሐ ዝርኣ ኤልኒኖ ኮይኑ፡ ዝሽፍኣ ጽልዋ ኣብ ስርዓተ-ማሕደርን ደቂ-ሰባትን የስዕብ። ክሳዕ ሕጂ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ ከም ዘሎ - ብርቱዕ ኤልኒኖ፡ ማእከላይ ሰላማዊ፡ ምብራቓዊ ሰላማዊ ኤልኒኖ ዝበሃሉ ሰለስተ ዓይነታት ኤልኒኖ ተለልዮም ኣለው።

ብርቱዕ ኤልኒኖ ዝርኣየለን ሃገራት፡ ብቐጥታ ከኣታት ኣየረን ብምዝባዕ ከቢድ ክሳራ ክወርደን እንከሎ፡ ኣብኡ'ውን ቀንዲ ምንጪ መግቢ ፍጡራት ዝኾኑ፡ ሕርሻን ስራሓት ዓሳን ዘይቀጥታዊ ጽልዋ ብምግባር ይሃስያ። ኣብ ዓመት 2023 ዝተሓተመ መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ፡ ብኤልኒኖ ዝስዕብ ክሳራ ካብ 10ታት ቢልዮናት ክሳብ ትሪሊዮናት ዶላር ይበጽሕ።

ንኣብነት፣ ኣብ 2015/2016 ዘጋጠመ ኤልኒኖ፡ ልዕሊ 60 ሚልዮን ህዝቢ ክዱሉ እንከሎ፡ 23 ሃገራት ተጸበይቲ ሰብኣዊ ረድኤት ገይሩወን። ስፍሓት ሰላማዊ ውቅያኖስ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብቲ ከባቢ ዘለዋ ሃገራት ዝያዳ ተሃሰይቲ'ኳ እንተኾና፡ እዚ ክስተት ዳርጋ ንዓለም ምሉእ'ዩ ዝጸሉ።

ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ፡ ኤልኒኖ ምስ ዘጋጥም ሃገራት ምዕራባዊ ሰላማዊ ውቅያኖስ፡ ህንድን ደብባዊ ኣፍሪቃን ሓወሲ-ደርቂ የጋጥመን። በቲ ሓደ ወገን ከኣ፡ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ፡ ማእከልን ደቡብን ኣመሪካ፡ ማእከላይን ምብራቓውን ሰላማዊ ውቅያኖስ፡ ገለ ክፋል ህንድን ዘጠቓለለ እዋን የሕልፋ። ብፍላይ ኣብ እዋን ምብራቓዊ ሰላማዊ ኤልኒኖ፡ ከባቢታት ደቡብ እሲያ፡ ኣውስትራልያን ኢንዶነዥያን ደርቂ ከጋጥሞ እንከሎ፡ ገምገም ባሕሪ ቺለ፡ ኤኳዶርን ፔሩን ድማ ሃንደበታውን ብርቱዕን ዝናብ የጋጥሞም።




ካርታ ፐሩቭያን ኣንቾቭያታ ዝግፈፉሉ ቦታታት

ከም ኣካል ናይ'ዚ ኣብ ስራሓት ዓሳ ዘለዎ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ እዋን ኤል-ኒኖ፣ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ማእከልይን ምብራቓውን ክፋል ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝርከብ ማይ ካብቲ ንቡር ግዜ ፍልዩ ብዝበለ ይመውቕን፡ እቲ ንዑደት ማዕድናት ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ዶብ ውዑይን ዝሑልን ማይ (Thermocline) ይዓሙቑን። ብዚ ክስተት ኣብ መዓሙቕ ውቅያኖስ ዝርከብ ዝሑልን ብማዕድናት ሃብታምን ዝኾነ ማይ፡ ናብ ላዕሊ ስለ ዘይወሕዝ፡ ፍርያምነት ናይ'ቲ ማይ ይጎድል። ከም ውጽኢቱ ዓሳታት መግቢ ስለ ዘውሕዶም ናብ ዝሑል ማይ ዘለዎ ከባቢ ይሰግሙ። ዝግፈፉ ዓሳታት ስለ ዝውሕዱ መትሓብርኦም ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ዝምርኮሱ ሕብረተሰብ ከቢድ ቁጠባዊ ሃስያ ይወርዶም።

ንኣብነት፣ እቲ ዓመታዊ 4.9 ሚልዮን ቶን ክግፈፍ ዝኽእልን ልዕሊ 53,000 ህዝቢ ብቐጥታ ኣብ ሽቕለት ዘሳትፍን ስራሓት ዓሳ ፔሩቭያን ኣንቾቬታ፡ ብሰንኪ'ዚ ክስተት ኣብ ዓመት 2023፡ 1.99 ሚልዮን ቶን ጥራይ'ዩ ተገፊፉ።

ብመሰረት ኣብ ዓመት 2020 ዝተሓተመ መጽናዕቲ፡ ኣብ ግዜ ኤልኒኖ ጠቕላላ ምህርቲ ዓሳ ዓለምና ካብ 1 ክሳብ 3.5 ሚእታዊት ይጎድል። ኣብ እዋን ብርቱዕ ኤልኒኖ፡ ናይ ባሕሪ ዓሳ ዓመታዊ 3.2 ሚልዮን ቶን ክጎድል እንከሎ፡ 700 ሽሕ ቶን ድማ ኣብ እዋን'ቲ ብምብራቓዊ ሰላማዊ ኤልኒኖ ዝፍለጥ ክስተት ይጎድል።

ብሓፈሻ ካብ ዓመት 1950-2023 ክርአ እንከሎ፡ ካብቶን 27 ዓሳ ዝግፈፈለን ቀንዲ ቦታታት ዓለምና ተባሂለን ብውድብ ሕርሻን መግቢን ሕቡራት ሃገራት ተመዝጊበን ዘለዋ ቦታታት፡ እተን 11 ምሕር ዝተጸለዋ እየን። እቲ ዝዓበየ ጽልዋ ኣብ ደብባዊ ምብራቕ ሰላማዊ ውቅያኖስ ክኸውን እንከሎ፡ ህንዳዊ ውቅያኖስ ከምኡ እውን ምዕራባውን ምብራቓዊን ማእከላይ ሰላማዊ ውቅያኖስን ብቐደም ተኸተል ይስዕባ።

### ጽልዋ ኤልኒኖ ኣብ ስራሓት ዓሳ ሰላማዊ ውቅያኖስ

ኣብ ደብባዊ ምብራቕ ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝርከብ ካብ ደቡባዊ ቺለ ክሳብ ሰሜናዊ ፔሩ ዝዝርጋሕ ብዝግባኡት ዝፍለጥ ናይ ውቅያኖስ ውሕጅ እቲ ዝያዳ ብኤልኒኖ ተጸላዊ ክፋል ሰላማዊ ውቅያኖስ እዩ። ካብቶም 3 ዓይነታት ኤልኒኖ እቶም ክልተ ማለት ብርቱዕ ኤልኒኖን ምብራቓዊ ሰላማዊ ኤልኒኖን ዝያዳ ዝርኣዩ ኮይኖም፡ ሙቐት ናይ'ቲ ውቅያኖስ ብምውሳኽን ከቢድ ዝናብ ብምህራምን ንብዙሕነትን ምህርቲን ናይ ባሕራውያን ፍጡራት ብዘተፈላለየ መንገዲ ይጸልውዎ።

ንኣብነት፡ ገለ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝርከቡ ፍጡራት ባሕሪ ከም ሎብስተር፡ ኦክቶፓስን ቱናን እዚ ከኣታት ኣየር ኣዝዩ ክስማምዖም እንከሎ፡ ከም ዕንቅርቢት ባሕሪን ናይ ፔሩ ወዘፍን ድማ ምሕር ይህሰዩ። ብተወሳኺ፡ ከቢድ ዝናብ ውሕጅን ዕልቕልቕን ብምግባር ኣብ ትሕተ ቅርጺ ስራሓት ዓሳ ዕንወት የውርዱ። ኣብ ዝሓለፉ 7 ዕቑድ መጠን ምህርቲ ደብባዊ ምብራቕ ሰላማዊ ውቅያኖስ ዓመታዊ ብ280 ሽሕ ሜትሪክ ቶን፡ ኣብ ማእከላይ ምዕራብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ድማ ብ45 ሽሕ ሜትሪክ ቶን ጉዲሉ።

### ጽልዋ ኤልኒኖ ኣብ ስራሓት ዓሳ ህንዳዊ ውቅያኖስ

ሰላማዊ ውቅያኖስን ህንዳዊ ውቅያኖስን ብመተሓላለፊ እኩባት ደሴታት ኢንዶነዥያ ከም ዝላገቡ ይፍለጥ። ከም ውጽኢቱ 70% ናይ'ቶም ካብ 1950-2023 ዘጋጠሙ ፍጻመታት ኤልኒኖ ክርአ ዝኽኣል ጽልዋ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ብምስዓብ፡ ብማእከላይ ደረጃ ዝዓምዓም ሓደጋታት ኣኸቲሎም። እንተኾነ ኣብ ምጉዳል ምህርቲ ዓሳ ግን ዓቢ ጽልዋ ገይሮም እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምዕራብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ዝርከቡ ዕንባባታት ባሕሪ በቲ ኣብ 1997/98 ዘጋጠመ ኤልኒኖ ምሕር ተሃስዮም።




ካርታ ክሊማዊ ጽልዋ ኤልኒኖt

### ጽልዋ ኤልኒኖ ኣብ ስራሓት ዓሳ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ

ኤልኒኖ ኣብ እዋን ጽድያ ናይ ሰሜናዊ ንፍቀ-ክቢ (ሚያዝያ-ሰነ) ኣብ ሰሜናዊ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ውዑይ ከኣታት ኣየር ከም ዝህሉ ይገብር። ብዘቐምጓ ክርአ እንከሎ፡ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ዝተሓተ ጽልዋ ኤልኒኖ የጋጥሞ። ኣብ ደብባዊ ምዕራብ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ፡ በቲ ብሰንኪ ኤልኒኖ ዝስዕብ ብርቱዕ ዝናብን ዕልቕልቕን ርኢይ ምንቅልቓል ምህርቲ ጋምቤሪ ክኸትል እንከሎ፡ ኣብ እዋን ላኒና (ደርቂ) ድማ ልዑል ምህርቲ ጋምቤሪ ከም ዝህሉ ይገብር።

### ጽልዋ ኤልኒኖ ኣብ ስራሓት ዓሳ ጥዑም ማይ

ብሰንኪ ኤልኒኖ፡ ምልውዋጥ ከኣታት ኣየር ምስ ዘጋጥም፡ ኣብ ጠባያት ጥዑም ማይን (ኣፍላጋት፡ ቀላያት ወዘተ) ዝተፈላለዩ መስራሓት ስርዓተ-ማሕደሮን ከም ቀረብ ኦክሲጂን፡ ደረጃ ጻዕቂ በከልቲ ነገራት፡ መጠን ማይን ካልእን ጽልዋ ይገብር።

ንኣብነት፡ መጠን ማይ ኣብ ቀላያትን ኣፍላጋትን ምስ ዝጎድል፡ ዓሳታት መንበሪኦም ስለ ዝጸበቦም ኣብ ሓደ ቦታ ይጨቓጨቑን ንምዝመዛ ቅሉዓት ይኾኑን። ብዘይካ'ዚ፡ ናይዞም ዓሳታት ስርዓት ምፍራይን ቀረብ ባህርያዊ መግቢን ይጸሉ። ብርቱዕ ዝናብ ዘስዕቦ ውሕጅ ምስ ዝኽሰት፡ ዘይተኣደነ በከልቲ ነገራት ናብዞም ጥዑም-ማያት ብምውሓዝ ደብኾ ይመልኦ። ከም ውጽኢቱ ሰፈር ዓሳታት ይብሕጉግን ብቐዓት ማይ፡ ህይወታውያን ንኸኻብሩሉ ናብ ዘይክእልሉ ደረጃ ይበጽሕ። ኣብ መውዓእታ ስራሓት ዓሳ ናይ'ዞም ማያት ይጸሉ።

### ጽልዋ ኤልኒኖ ኣብ ሕርሻ ማይ

ብሰንኪ ኤልኒኖ ብዝስዕብ ብርቱዕ ዝናብን ውሕጅን፡ ትሕተ ቅርጺ ሕርሻ ማይ ከፉ እንከሎ፡ እቲ ዝዓበየ ጽልዋ ኤልኒኖ ኣብ ሕርሻ ማይ ግን፡ ዋሕዲ ኣብ ኢንዳስትሪ ዝፈሪ ቀረብ መግቢ ዓሳ ስለ ዘስዕብ እዩ።

ከም ዝፍለጥ፣ ሓደ ካብ ዓበይቲ ብድሆታት ሕርሻ ማይ፡ ቀረብ መግቢ ዓሳ እዩ። ሕርሻ ማይ ዓለምና፣ 70% ናይቲ ብደረጃ ዓለም ዝፈሪ ዝበዝሐ ክፋሉ ብፔሩቭያን ኣንቾቬታ ካልኦት ደቀቕቲ ባሕራውያን ዓሳታት ዝስራሕ መገዲ እንስሳታት የህልኽ። ኣብ'ዚ መዳይ፡ ኤልኒኖ ካብ 2000 ክሳብ 2018 ዓ.ም ፍርያት መግቢ ብ26.5% ከም ዝቕንስ ክገብር እንከሎ፡ ዋጋኡ ድማ ብሰለስተ ዕጽፊ ከም ዝወሰኽ ገይሩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ኤልኒኖ ኣብ ባህርያት ውቅያኖሳት፡ ባሕርን ጥዑም ማያትን ጽልዋ ብምግባር ኣብ ምህርቲ ዓሳ ኣሉታዊ ሳዕቤን እዩ ዘኸትል። እዚ ማለት ኣብ ኣከባቢን ማሕበራ-ቁጠባዊን ከኣታት ሓንቲ ሃገር ብፍላይ ኣብቶም ብስራሓት ዓሳ መነባብሮኦም ዝመርሑ ዜጋታት ዘስዕቦ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን።

ዚ ንምብዓህ ሃገራት ብፍላይ ኣብ ምሕደራ ስራሓት ዓሳ ዝዋሰኣ ኣካላት መንግስቲ፡ ጽልዋ ኤልኒኖ ኣብ ስራሓት ዓሳኣን ብደቂቕ ድሕሪ ምጽናዕን ምክትታልን ንዕኡ ዝምጥን ኣሳተፍትን ተዓጻጻፍቲን ዝኾኑ ፖሊሲታት ክሕድፉን ሰጉምትታት ክወስዱን ክኢላታት ይምዕዱ።

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Dewatering Supervisor**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**
**Major Duties and responsibilities**

- Safety, Health, and Environment
- People
- Productivity

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

**Safety, Health & Environment**

- Actively promoting, coordinating, and supervising responsible work practices. Always maintaining a high standard of housekeeping and providing feedback on Safety, Health, and environmental matters
- Demonstrate visible safety leadership.
- Constantly look to identify hazards and risks through your daily inspections.
- Identifying and immediately reporting, and controlling where possible, any incident, personal damage (injury), hazard or environmental damage you see at work.
- Ensure you are familiar with and conform to the Environmental Management Plan.
- Maintaining a duty of care to self and others and stop the job if you think it is not safe.

Core Performance Area.

- Report incidents and hazards in accordance with business unit requirements.
- Safety incident investigations.
- Number of safety initiatives raised.
- Feedback provided on safety issues within Operation
- Compliance of the correct PPE and enforcing site procedure.

**People**

- Conduct communication meetings.
- Demonstrate leadership and encourage personal behaviours that will uphold Bisha's Core values.
- Have regular performance tracking discussions, listen to team member's improvement ideas.
- Ensure clear, challenging, and measurable goals are set and achieved.

Core Performance.

- Monitor individual performance and provide coaching, feedback.
- Contribute positively at meetings.
- Lead, demonstrate and educate employees to embrace a work environment free from discrimination and treated with respect.

**Productivity**

- Task Description Operations.
- Develop and maintain the mine dewatering program.
- Coordinate all maintenance activities of the dewatering infrastructure to include pumping stations
- Comply with and enforce the requirements set out in all Standard Operating Procedures.
- Work with mine planning to schedule upcoming projects to determining pump specifications.
- Coordinate with the mining department on production goals and priorities.
- Monitors equipment/consumable usage for optimal and efficient operation.
- Works closely with the Maintenance to maximize equipment utilization and minimize downtime.

Core Performance.

- All reporting requirements meet.
- Ensure all relevant documentation is signed off.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Grade 12<br>• Minimum 8 years' Experience with Mine Dewatering Operations. |
| Working Experience – Nature & Length | • Supervision and leadership skills<br>• Proven knowledge of pumping and piping system<br>• Understanding of mining operations<br>• Maintenance and repairs of diesel driven dewatering pumps.<br>• Overhauling slurry pump wet ends.<br>• Maintenance of slurry, spillage pumps and staged container pumping.<br>• Equipping of Bore holes, HDPE piping and welding |
| Technical Skills | • Computer Literacy<br>• Problem solving and solution implementation.<br>• Experienced with maintenance and repairs of Diesel driven dewatering pumps.<br>• Experienced in overhauling slurry pump wet ends<br>• Experience on maintenance of slurry, spillage pumps and staged container pumping.<br>• Awareness of geotechnical and wall stability<br>• Exceptional understanding of drilling and blasting optimization in blast geometry |
| Behavioral Skills | • People skills<br>• Ability to work under pressure<br>• Results oriented<br>• Good interdepartmental communication<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment<br>• A commitment to safe work practices<br>• Self-motivation and organisation and planning skills<br>• Effective communication skills, written and oral |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ካብ መጻሕፍቲ

## ኵብላሊ
## ኣብ ኣስመራን ዓድታት ኤርትራን

ተስፋይ እስቲፋኖስ
4ይ ክፋል

ኣብ መጀመርያ መዓልቲ፡ ክፍልናን ኮፍ ንብለሉ ቦታን ምስ ፈለጥና፡ ወለድና ገዲፎሙና ከዱ። ቀልዑ ብምዃንና፡ ክንስሕቕን ንሓድሕድና ክንጠማመትን ክንፋለጥን ግዜ ኣይወሰደልናን። ኣነ እሞ ውዑይ ብምንባረይ፡ በቲ ኣብ እንዳ ዓይነ ስወር ሃሊቃ ተስፋይን እንዳ ሃሊቃ ከበደን ዝኸድኩዎ ደዩ ዋላስ በቲ ኣብ ከበቢ ካምፖ ዛብጥያ ዘጥረኽዎ ድፍረት እንድዒ! ኑቶም መማህራን ከይተረፈ፡ እየ እናዘርኩ ዝስዕሞም ዝነበርኩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕብረት ካብ ኩሉ ቦታታት ኣስመራን ከባቢኡን ዝመጹ ተመሃሮ ይሳተፉ ስለ ዝነበሩ፡ ሕጂ ክዝክሮ ከሎኹ ዘደንቕ ሕብረት ናይ ተመሃሮ ዝነበሮ ቤት ትምህርቲ እዩ ነይሩ። ማዕረ ማዕረ እቲ ናይ ትግርኛ ትምህርቲ፡ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ናይ እንግሊዝ ትምህርቲ'ውን ብ 'ቡክ ዋን (Book One)' ስለ ዝጀመርና፡ ንበዓል "ሉካን ካዚን፡ ዘ ሃይና ኤንድ ዘ ዶንኪ" ከም'ኡ'ውን ካልኦት ክንመሃሮም ከሎና፡ ክሳዕ ሕጂ ተስሕቐኒን ዝበዝሕ ተመሃራይ ንኽወጽኣ ወልደፍደፍ ዝበለሳን ዝነበረት "ቾኮሎኮሎባንጋሺ" (chocolocolobangashy) ትብል ቃል ትዝከረኒ። እዛ ቃል እዚኣ፡ ኣብ'ቲ ብወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ዝተኣታተወ ብኮርኩለም ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝፍለጥ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲ፡ ማለት፡ ኣብ'ቲ ንቐዳማይ ክፍሊ መላመዲ ተባሂሉ ዝተዳለወ መጽሓፍ ንዅብ እትርከብ - ንኸተድምጻ ኣዝያ ኣሸጋሪት ዝነበረት ቃል'ያ።

ካልኣይ ኣቦይ ማለት ሱበኣይ ኣደይ፡ ምስ ካቶሊካዊ ሚስዮን ሳንበርናርዶ ሲታውያን ናብ ኣስመራ ቀድሚ ምእታዎም ኣብ በለዛ እንክለዉ፡ ጸቡቕ ዝምድና ስለ ዝነበሮም ናይ'ታ ብሲታውያን እትሕተም 'ብርሃን' ዝርእስታ መጽሔት ኣባል ስለ ዝነበረ ንዓይ ኣብ ሲታውያን ኣእትዩ ክምህረኒ ኣፍቀዱሉ። ሰለስተ ወርሒ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕብረት ድሕሪ ምምሃረይ ከኣ ስድራይ'ውን ኣብ ሲታውያን ክመሃር ስለ ዝመረጹ ናብኡ ተሰጋገርኩ። ኣብ'ተን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕብረት ዝተመሃርኩለን ሰለስተ ኣዋርሕ ዝተላለኹዎም ቀልዑ፡ ምስ ዓበና ሌላናን ዝምድናናን ብጽቡቕ ቀጺሉ ክሳዕ ሕጂ ዝዝክሮም ብዙሓት እዮም። ቤት ትምህርቲ ሲታውያን ኣብ ፓራዲዞ ኸይኑ፡ 'ሳንበርናርዶ' ብዝበሃሉ ማሕበር ፈለስቲ ካቶሊክ ዝመሓደርን መንፈሳውያን ብዝኾኑ መማህራን ትምህርቲ ዘቕስምን - ኣብ ኣስመራ ብሉጽ ተባሂሉ ዝእመነሉ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ እዩ።

መማህራን ቤት ትምህርቲ ሲታውያን ኣቐሽሽቲ ናይ ካቶሊክ ኮይኖም፡ ኩሎም ኤርትራውያን እዮም ዝነበሩ። ኣብ ማይቴምስ ናይ ኩሉ እቲ ሚስዮን ሓላፊ ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣብ ገረዝጊሄር ሓላፊ ናይቲ ቤት ትምህርትን መምህርን ኣብ ዞርያስ መምህር ናይ እንግሊዝ፡ ኣብ ቆርሎስ መምህር ናይ ቁጽሪ፡ ኣብ ዳንኤል መምህር ናይ ትግርኛ፡ ኣብ ዓንደማርያም ድማ፡ ሓለም ናይቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ርእሲ ምዃኖም ስ ፍልጠት'ውን ይምህሩ ነይሮም። ኣብ ኣስቴፋኖ ከኣ መምህር ናይ ስፖርት እዮም ዝነበሩ።

ኣብ'ቲ እዋን ምሳይ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዝመሃሩ ካብ ዝነበሩ ፈጺመ ዘይርስዖምን ዋላ ምስ ዓበና ኣዕሩኽተይ ዝነበሩን ብኽብሪ ዝዝክሮም - ኣሰፋው ሰንጠ፡ ለውጂ፡ ዳጋማ፡ ነጋሽ፡ በራኺ፡ ተኽለ ኖኖ፡ ጉብረመድህን፡ እስቲፋኖስ ወዲ ልበ፡ እስቲፋኖስ ዓዲ ኣበይቶ፡ ጴጥሮስ ሰይጣን፡ ብርሃ ወዲ ዘወንጀል፡ ጉብረጻድቕ ፒምፖሪ፡ ሸፋ መሓመድ ባርዕ፡ ወልደኣብዝጊ ቪላጆን ካልኦት ኣሽንቶም ዝረሳዕኩዎምን ይርከቡዎም። ቤት ትምህርቲ ሲታውያን ዘደንቕ ቤት ትምህርቲ እዩ ነይሩ። ካብ'ቶም ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዝተማህሩ፡ ዕውታት ብምዃን ኣብ'ተን ሽዑ ዝነበራ ጥንኩራትን ካልኦት ዓበይቲ ናይ ውልቂ ትካላትን ዝሰርሑ ዝነበሩ ብዙሓት እዮም። ብመሰረት እቲ ሽዑ ዝነበረ ሕጊ ስርዓተትምህርቲ፡ ናይ ራብዓይ ክፍሊ ትምህርትኻ ወዲእካ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንዳ ሴታ (ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ) መርመራ ምስ ገበርካ፡ ናብ ሓሙሻይ ክፍሊ ምሕላፍካ ብጋዜጣ እዩ ዝነገር ዝነበረ። ኣነ ከኣ መርመራ ገይረ ናብ ሓሙሻይ ክፍሊ ከም ዝሓለፍኩ ዘረጋግጽ ስመይ ኣብ ጋዜጣ ወጺኡ ምስ ረኣኹዎ ዝተሰምዓኒ ታሕጓስ መግለጺ ኣይብሎን። ብምሕር ሓጎስ ዝኣክል፡ በቲ ካብ ኮዓሶ ጎልፍ ዝረኸብኩዎ መቐሸሸ ገይረ ነታ ጋዜጣ ገዚአ ንበዙሕ እዋን ከም መዘከርታ ዓቂበያ ነይረ። እንተ ኾነ ናብ ሓሙሻይ ብምሕላፈይ ንዝነበረኒ ልዑል ሓጎስን ተስፋን ዘጸልምት ካልእ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣጋጠመ።

***

"ኤርትራ ዓደይ፡ ሸዊት ሰምሎመ'የ፡ ንሳዶ ትጥለም'የ..." ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ እዋን፡ እቲ ተንኮለኛ እንግሊዝ ንኤርትራ ክኸውን ዝኮበኦ ናይ ግዜ ጥልያን ንበረት ዝዩኑ ኣፅጹ፡ ዘኸዮጥ ሸይጡ፡ ዝሰረቕ ሰሪቑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኤርትራውያን ብስእነት ስራሕ ከም ዝሳቐዩን በቲ ዝበደሮ ናይ መቓቓልካ ግዛእ ፖሊሲኡ ኣብ ንሓድሕዶም ከም ዘይተኣማመኑን ገይሩ እዩ ዝወጸኦ። ኣመራጺ ብወገኑ፡ ብጉልባብ ሕብረት ሃገራት ብኣድ ኣዝር ሕብእ ኣጀንዳኣ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ንምትግባር ዕስባት ኣንድነታውያን ተተግባዕ ነበረት። ኣንድነታውያን ንረብሓ ኢትዮጵያን ምዕራባውያንን ክገልግሉ ብስርዓት ሃይለስላሴ ዝፈረዩ ኮይኖም፡ ኣብ መንበሮም ዝዞረ ጥንዲራ ኢትዮጵያ መለለዪኦም ብዘበናሩ፡ "ኢትዮጵያ ወይ ሞት!" ብዝብሉ ሸፋቱ ኣቢሎም ኑቶም ኣንጻር ዕላማኦም ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ሃገራውያን የሳቕዩን የፈራርሑን ነበሩ። እቶም ተጣበቕቲ ንማሰልን ናጽነትን ኤርትራ'ውን "ኤርትራ ንኤርትራውያን!" ዝብል ጭርሖ ኣልዒሎም፡ "ኤርትራ ዓደይ፡ ሸዊት ሰምሎሞ! ንሳዶ ትጥለም'የ..." እናበሉ ጥርዓኖምን ኣቤቱታኦምን ንኸሰምዑ ዝጸዓሩሉ ዝነበሩ ግዜ ትዝ ይብለኒ። ንገስ ሃይለስላሴ፡ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ተኸሊሉ ክዝዝድ ዝጀመረ፡ ኣብ ዳንጋኦም ጋማሊ ዝኣሰሩ ጫማ ዘይብሎም ብኣብ ጦር ዝፍለጡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ 1952 ናብ ኤርትራ ክኣትዉ ከለዉ እዩ። በዚ ከኣ እቲ ኩሉ ብወገን ኢትዮጵያ ዝግበር ዝነበረ ምንቅስቓስ - ንኤርትራ ናይ ምውራር ምልክት ከም ዝኾነ ብጋህዲ ተረኣዩ።

ተመሃራይ ኮይነ ናብ ሓሙሻይ ክፍሊ ዝሓለፍኩሉ እዋን'ዩ ነይሩ፣ ኣብ ሲታውያን እናተመሃርኩ ከሎኹ፡ ካብ ካምፖ ዛብጥያ ተጠሪሰ ሓንቲብ ብቶምባ፡ ሴታን ሆስፒታልን ገይረ ንሲታውያን እኸይድ፣ ኣብ'ቲ ካልእ ግዜ ከኣ ምስ ኣዕሩኽተይ ብጥቡ፡ በምባራ ሆስፒታል ገርና ንኸይድ ነርና። ምስ ቢቾቢቾ (ኣፈወርቂ) ዝተባህለ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዝነበሮን ምስ ናይ ሓሶት ጽልልቲ ጸሃይቱን እናተላኸፍና ንትምህርቲ ንኸይሉ ዝነበርና ግዜ ትዝ ይብለኒ። ሲታውያን ብልሙዕ ኣግራብ ዝተሸፈነ ኮይኑ፡ ኣብ ጥቓ ፋብሪካ ዘይቲ ጉልዕን እንዳ መልጎምን እዩ ነይሩ።

ብድሕሪ ዘክ ኣካሒዱ ኣብ ኩሉ ከበባታት ኤርትራ ቀውዒ መጸ ጸቡቕ ምህርቲ ዝሕፈስሉ እዋን እዩ ዝነበረ። ኣብ ኣስመራ ማይ ኣየሻውል'ውን ኩሉ ዓይነት ሸዊት - ባልዶንዱ፡ ዓተር፡ ዓይኒ ዓተር፡ ዕፉን ወዘተ. ፈርዩ ንዕዳጋ ክዘርጋሕ እንክሎ፡ ናይ ኢድ ዓረብያ እናደፍኡ ዝሽቅጥሉን "ሸዊት! ሸዊት!" እናበሉ ንምሉእ ኣስመራ ዝዞሩሉን ዝነበረ እዋን ውሑድ ኣይነበረን። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዕዳጋ ድጓሽ ዕሙርን ምሉእን ስለ ዝነበረ፡ ብዓል ኣቶ ተሰፋማርያም ባሊላ ሹወሽ ሰረ ተኸዲኖም፡ ብዙሩህ ገጾም ብሽሽሹ ድጓሽ ካርሸም ምስ ነጋዶ ክለዋወጡ ዳርጋ ናይ ኩሉ መዓልቲ ስራሖም እዩ ዝነበረ። ብእንዳ ቀመም ዝፍለጥ ስጦር ዕዳጋ ድጓሽ ዝነበረ'ውን ብሱብ ኣዕለቕሊቑ ክትርኢ ከሎኻ፡ ኣብ መውዓእታ እንዳ ቀመም ናብ ጸቡቡ ጽርግያ ዝጥምት ቦታ፡ ቢ ላፖራቶን ጸለም ጣንን ናይ እንዳ ኣልፋ፥ ክልተ ብሓመሽተ ሳንቲም ይሸየጥ ነይሩ። ከም'ኡ'ውን ካብይ ሃገር ከም ዝመጽአ ዘይፍለጥ ብጡረያ ዝጸዋዕ ልባስ (ካልኣይ ኢድ) ክዳውንቲ ኣብ ዕዳጋ ሓራጅ ብሕሱር ዋጋ ይሸየጥ ስለ ዝነበረ፡ ፈጺሙ በዙኽ እንተ ዘይኮይኑ፡ ዳርጋ ዕሩቕ ዘይትርእየሉ እዋን እዩ ዝነበረ። ኣስመራ ኣብ ከም'ዚ ኩነታት እንክላ እዩ ከኣ እቲ ሕሱም ተንኮለኛ እንግሊዝ ብዘኣለሞ ሽርሒ መሰረት ኣብዛ ሃገር ስራሕ ኣልቦነት ዝነገሰ። ደረፍቲ ድማ፡ እቲ ኩነታት ኣስቆርቀሩዎም፥ "ማርያም ተለሚኒ'የ ማርያም ተለሚኒ'የ፡ ጎበዘ ይኑበዕ ኣሎ ኣብ ማርቻ ፔዲ ኮይኑ'ዩ" እናበሉ ይደርፉ ነበሩ።

ኣብ'ቲ እዋን እቲ ተመሃራይ ከሎኹ፡ ምስ መዋዕልተይ ደቂ ጎልፍ ናብ ማእከል ከተማ ብምኻድ ኢና ምስ ሹቕ ጸቡቕ ዝተላለናን ናብኡ እናተመላለስና ክንሕሽሽ ዝጀመርናን። እወ፡ ኣብ ሹቕ ናብ ዝርከብ ቤት መግቢ እንዳ ማርያኖ ፓስታ ኣል ፎርኖ በሊዕና፡ ኣብ እንዳ መስትያት ክልተ ኣፉ በራድ ሻሂ (ኣርባዕተ በሽ) ኣዚዝና ክንሕሽሽ ጀመርና። ኣቤት እወ ክጥዕም ዝነበረ! ሕጂ ኮይኑ ይረኣየኒ። ኣብ ኩሉ ሹቕ ድሕሪ ምዝዋርና ከኣ ካብ ማይ ኣየሻውል ዝተፈላለየ ሸዊት ገዚእና ከም ኣዋግል ተመራሪሕና ንቪላጆ ንምለስ፡ ክንምለስ ከሎና፡ ንዓለም ዝኾልዓና ኮይኑ እዩ ዝነበረ።

እዋኑ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ጸቡቕ ኣዝመራን ክረምትን ዝተረኣየሉ እዩ ነይሩ። በዚ ከኣ ሓረስቶት ጸቡቕ ምህርቲ ዝሓፈሱሉ፣ ኣብ ከተማ ዝቕመጡ ደቀባት ድማ ናይ'ዚ ጸቡቕ ምህርቲ ተጠቀምቲ ዝኾኑሉ'ዩ ዝነበረ። ብኣንጻሩ ከኣ ኣብ ከተማ ብምኽንያት ስራሕ ኣልቦነት ብዙሕ ሰብ ይሳቐ ስለ ዝነበረ፡ ጸቡቕ ስራሕ ዝነበሮም ማእለያ ዘይብሎም ሰብ ሞያን ክኢላታትን ብጎናይ ፕሮፓጋንዳ ኢትዮጵያ ተጸልዮም ስራሕ ንምድላይ ናብ ኢትዮጵያ ዝኸዱሉ ዝነበሩ እዋን'ውን እዩ ዝነበረ።

ሓንቲ መዓልቲ እቲ ንዓይ ዝዋሕስ እዋን ተሰዊሩኒ ዝጸንሐ ነቦይ ወላድየይን ነደይ ወላዲተይን ዘሰሓሕብ ዝነበረ ጉዳይ ጋህዲ ኮለዩ። ኣደይ፡ "ተስፋይ ወደይ! ኣሞኻ ኣልመዶም (ካልኣይ ኣቦይ ማለታ እዩ) ካብ ውትህደርና ፖሊስ ደሰናቡ፡ ስለ ዘሎው፡ ኣብ ዝመጽእ መጨረሻ ወርሒ ናብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ሓምም ክንከይድ ኢና፡ " ትብለኒ እሞ፡ ኣሰዑብ ኣቢላ ድማ፡ "ምሳና ሓዚናካ ንኸንከይድ፡ ምስ ኣሞኻ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሓዚና ክንዘራረብ ኢና ጸኒሕና። ኣሞኻ ግና 'ኣነ ብሀይወተይ ከሎኹ ወደይ ሓዚኩሞ ክትጠፍኡ ኣየፍቅደልኩምን እዩ' ኢሉ ኣቐቢጹና። ንሕና ምሳና ንኣዲስ ኣበባ ክትከይድ እዩ ነይሩ ድልየትናን ትምኒትናን። ግና እንታይ'ሞ ክንገብር ኣሞኻ ኣበዩና። ስለ'ዚ፡ ሃንደበት ከይተዋሃ ኣለ እየ ሕጂ ዝነግረካ ዘሎኹ። ድሕሪ ቁሩብ መዓልትታት ክንበግስ ኢና፡" በለትኒ። ኣነ ከኣ እንታይ ትብል ከም ዘላ ምርዳእ ኣብዩኒ፡ ነዊሕ ዝን በልኩ። እሞ ን ካምፖ ዛብጥያ ክንገድፎ ኢና ዲኺ ትብልኒ ዘሎኺ፧ ምስ በልኩዋ፡ ርእሳ ብናይ እወ ምልክት ድሕሪ ምንቕናቕ፡ ገጻፈያ ንደገ ወጺአ ብዙሕ በኸየት። ከይተረደኣኒ ድማ፡ ክዩዳ ከይባልኩዋ ኣብ ጎልፍ ቪላጆ በጻሕኩ'ሞ፡ ኩሉ እቲ ዝበለትኒ ነየ ነገርኩዎም።

ኣቐዲመ ከም ዝገለጽኩዎ፡ ኣቦይ ንኹሉ ነገር ብህድኣት እዩ ዝርእዮ። "በል ሕጂ ኣብ ስራሕ እየ ዘሎኹ። ግዛ ከድ ክርክበካ እየ" በለኒ። ንግዛ ምስ ከደኹ ንኻልኣይቲ ኣደይ ኩሉ እቲ ዝጋጠመኒ ነገርኩዋ። ንሳ ግን ንዝበረኒ ሕርቃን ዘጋድድ መልሲ ደኣ ሃበትኒ፡ "ደይ ኣሞኻ ባዕሎም ክሃብሉኻ እዮም ኢሎምበር ኣነ ደኣ ፈሊጠ'ንዶ ኣየለኹን" በለትኒ። ገጸይ ተለዋዊጡ ምስ ረኣየት ኣሰዕብ ኣቢላ፡ "ደሓን ዝወደይ፡ ኣነ ኣሎኹኻ'ንዶ። ደሓር ከኣ ኣደኻ ቀልጢፋን ክምለሳ እየን" ኢላ እናጸናንዓትኒ ከላ ኣቦይ ደበኽ በሉ። "ኢሂ ደኣ ተስፋይ ዝሓረቕካ ትመስል! ኣደኻ እንታይ ድያ ኢላትካ፧ እንተ ኸዳ እኮ ክትምለስ ኢያ። ደሓር ከኣ እቲ ትገብሮ ዘሎ ዓዲ ጸቡቕ ኣይኮነን ሕማቕ እዩ! ደሓን ምስ ዓበኻ ኣጸቢቕካ ክትፈልጦ ኢኻ፡ " ድሕሪ ምባል፡ "ሕጂ ግን ተረዲኣኒ ዝወደይ፣ ኣነ እየ ንኸይትጠፍእ ኢለ ምባኸ ኣይትወሰደየን ኢኺ ኢለ ዝኣበኹዋ" ምስ በሉ፡ ናብ ኣካልተይ ሓዊ ዝዘርኡኒ።

ሽዑ ንኽልተኦም ምሕር ጸላእኩዎም። ምስ ሕርቃነይ እናበኸኹ ድማ ናብ'ቲ ዝፈትዎ ካምፖ ዛብጥያን ሕዝአተይ ዝኾኑ ከበቢኡን ተመለስኩ። ንዘፈትዎም ደቂ ጎዛውተይ ንሓዋሩ ክስናበተዮም፡ ክሳዕ እታ ዝፈትዋ ኣደይን ዝፈትዎ ካልኣይ ኣቦይን ዝቕሉ ግን ምስኦም ክጸንሕ ወሰንኩ። እታ ንኣእመሮይ ዝሰፈረትን ንልበይ ዘጸልመተትን መዓልቲ ትቐራረብ ስለ ዝነበረት ከኣ ኣቦይ ወላድየይ እንተስ ብጌርሁ ወይ'ውን ምስኦም ከይወሰዱኒ ፈሪሖም፡ ሳልስቲ ቀድሚ ምንቃሎም ናብ ካምፖ ዛብጥያ ብምምጻእ፡ ኣደይ ዘሎ ክዳውንተይን መጻሕፍተይን ክትቅርበለይ እሞ ምስኣ ሒዚኒ ንገልፍ ክኸይድ ካብ ፍሉጣዶየን ለኣኹሉ።

ኣቦይ ፍሱሓጸየን ምስ ኣደይን ካልኣይ ኣቦይን ድሕሪ ምዝርራብም፡ "በል ተስፋይ ወደይ፡ ኣሞኻ ኣብ ገዝና ኣሎ እሞ፡ ክሳዕ ኣደኻ ኩሉ እቲ ዘድልየካ ትቕርበልካ ናብ ገዝና ሕለፍ ሰላም በሎ" በሉኒ። ምስ ካልኣይ ኣቦይ ተተሓሒዞም ድማ ደድሕረይ ኣርከቡኒ። ክልተ ኣቦታተይ ንመጀመርያ ግዜ ገጽ ንገጽ ተራኺቦም ሰላምታ ተለዋወጡ። ሻሂ እናሰተዩ ከለዉ፡ ምስ ተከኣ ኮይኑ ንኸሉም ደቂ ጎዛውተይ ጉዛ ጉዛ እናኸደኩ ተፋነኹዎም። ብዙሓት ካብኦቶም ናብ ኣፍ ደገ እንዳ ኣቦይ ፍሱሓጸየን መጺኦም ኣፋነዉኒ። ኣደይ እቲ ዘድልየኒ ዘበለ ኩሉ ጠርኒፋ ክትህበኒ እንከላ፡ ኣቦይ'ውን ተቐሪቡ ስለ ዝጸንሖ ምስ ኩሎም ሰላምታ ተለዋዊጦ ሐዘኒ ንሓዋሩ ካብ ካምፖ ዛብጥያ ተሰወረ። በዚ ከኣ ናብ'ቲ ራብዓይ ገዛይ ተመለስኩ።

ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ስድራይ ዝቕልሉ ግዜ ስለ ዝኣኸለ፡ ምስ ኣቦይ ኣንገህና ናብ'ቲ ብኣፊቶ ቪያጆ ዝመሓደር ጥቓ ፖስጣ ዓቢ ዝነበረ ንኣዲስ ኣበባ ዝኸይድ ኣውቶቡሳት ዝዋርዳሉ ቦታ ከድና። ኣደይን ካልኣይ ኣቦይን ብኣሲሳይት ቤተሰብን መሓዙትን ካልኦት ኣጋይሽን ተዓጂቦም ክጸበዩ ጸንሑና። ነደይ ምስ ረኣኹዋ፡ ከይተረደኣኒ ናብኣ ገጸይ ብናህሪ ክጎዩ ጀመርኩ። ኣደይ ከኣ "ቀስ በል ዝወደይ! ቀስ በል ከይትወድቕ!" እናበለት ናባይ ገጻ ክትመጽእ እንክላ ከይተፈለጠ ኣብ ሕቑፋኣ ኣተኹን ኣተረረ ሓቖፍኩዋ። ክልተና ተተሓሒዝና ብኽያት ንበኽያት ኮንና። ካብ ሕቑፊ ኣደይ ኣልጊሰ ንዘሪትዎ ካልኣይ ኣቦይ ስዒመ ንቤተሰብን ኣዝማድን ሰላም ምስ በልኩ፡ ኣውቶቡስ ሞቶረኣ ወሊዓ ንኽትንቀል ተዳልያ ከም ዘላ ኣስተብሂልኩ'ሞ፡ ብብኽያት ዝኣክል ኑበሰይ ምቀጻጸር ሰኣንኩ። ኣቦይ ወላድየይ ብዘይ ቃልዓለም ብፍሕሸው ገጽ ንኹሎም ቤተሰብ፡ ኣሲሰይቲ፡ ነደይን ካልኣይ ኣቦይን ኢዱ ሰዲዱ ሰላምታ ምስ ለገሰሎም፡ "በሉ ደሃብ፡ መገዲ ጥዕና ይግበረልኩም - ቻው!" በሎም። ኩሎም ምስ ደሃብ፡ ክሳዕ ኣውቶቡስ እትትቅል ሃመይን ቀልበይን ምስኣ ነበረ። ብ ቀውታ እናጠመትኩዋ ከሎኹ ከኣ ተጠሪሳ ካብ ቅድሚ ዓይነይ ተሰወረት። ኣቦይ፡ ናብ ቀልበይ ተመለሰ ኣደሀቦ ክሳዕ ዝንበረሉ ብትዕግስቲ ድሕሪ ምጽባይ፡ "በል ንዓናይ ዝወደይ፣ ንሕና ከኣ ካልእ ዕማምና ክንገብር" ምስ በሉ፡ ኩሉ ነገር ጸልመተኒ።

እወ! እታ ዝፈትዋ ኣደይ፣ እታ ንዓኣ ክደሊ ኣብ ክንደይ ዝሓለፍኩን ብሰንኪ ፍቕራ ምስ ክንደይ ሰብ ምስዕማዕ ዝሸእን ዝበርኩ፣ ገዲፋትኒ ከም ዝኸደት ክኣምን እኳ እንተ ደለኹ፡ ክቕበሎ ግን ኣይከኣልኩን። በቃ! ኩሉ ነገር ጸልሚቱኒ! ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ግን ቀብጸ ተቐቢለኩዎ'ሞ፡ ቦርሳ ናይ ጎልፍ ናብ ምትዕምን ኮዓሶ ናይ ጎልፍ ናብ ምእራይን ተመለስኩ። ካብኡ ብዘረኸቦ ዝበርኩ መቐሸሸ ድማ ከም ዝዩ ናብ ሹቕ ምምልላስ ጀመርኩ።

**.... ይቕጽል**

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

20 ክፋልን መወዳእታን

## ጽፈት ስራሕ

> *“መን ምዃንካ ክትፈልጥ ትደሊዶ፧ ኣይትሕተት። ተግበር! ተግባርካ እዩ ዝገልጸካ።” - **ቶማስ ጀፈርሰን***
>
> *“እሾኻ እቲ ዝሰራሕካዮ እምበር ኣቲ ከም እትሰርሖ እትዛረቦ ኣይኮንካን።” - **ካርል ጁንግ***

ኣብ ስራሕካ ወይ ህይወትካ ዓወት ክተመዝግብ ባህጊ እንተ'ልዩካ፡ ገለ እወታዊ ለውጢ ክትገብር ይግባእ። ሚዛን ሰብነትካ ክትቅንስ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ ኣመጋግባኻ ገለ ለውጢ ክትገብር ከም ዘለካ ክጠፍኣካ የብሉን። ኣብ ኣካላዊ ድልዳለ ተገዳስነት እንተ ሃልዩካ፡ እንታይ ዓይነት ስፖርት ከተዘውትር ከም ዘለካ ክትፈልጥ ይግባእ።

ኣብ ሞያዊ ዓውድኻ ዝበለጸካ ሰራሕተኛ ክትከውን ባህጊ እንተ'ልዩካ፡ ንፍሲ ወከፍ ሸነኽ ስራሕካ ንኽትርዳእ ኣበርቲዕካ ክትሰርሕ ይግባእ። ምስ ካልኦት ሰባት ዝበለጸ ዝምድና ክትምስርት እንተ ደሊኻ፡ ነዚ ካብ ቀዳምነታትካ ሰሪዕካ፡ ኣብ ተግባር ንኸተውዕሎ ብተግባር ክትሰርሓሉ ይግባእ። እቲ እትብህጎ ነገር ብዘይ ዝኾነ ጻዕሪ ኣብ ሕቑፍኻ ክዕለብ ትጽበት ኣይትግበር።

ካተሪን ፖልሰፈር፡ “ዝኾነ ስጉምቲ እንተ ዘይሃልዩ ዝኾነ ለውጢ ኣይህሉን እዩ። ወሰን ስጉምቲ፡ ወሰን ለውጢ የምጽእ። ብዙሕ ስጉምቲ፡ ብዙሕ ለውጢ የምጽእ።” ኢላ ኒዩራ። ብዘይስጉምቲ ዝመጽእ ዋላ ሓንቲ ለውጢ የለን።

ቶኒ ሮቢንስ ብወገኑ፡ “ኑቲ ኩሉ ግዜ እትሰርሖ ደጋጊምካ ትሰርሖ እንተ ኾንካ፡ ኑቲ ኩሉ ግዜ እትረኽቦ ክትረክብ ኢኻ።” ብምባል የዘኻኽረና። ኑቲ ኣብ ሓደ ዓመት ዝመለኽክዮ ስራሕ ንዐስራ ዓመታት ደጋጊምካ ትሰርሖ እንተ'ሊኻ፡ ናይ ሓደ ዓመት ተመክሮ ዘለዎ ሰራሕተኛ ኢኻ እትቅጸር።

ዓወትን ለውጥን ኣድ ንኢድ ተታሓሒዞን እየን ዝኸዳ። ኣብ ስራሕካን ህይወትካን ገለ ዓወት ንኽተመዝግብ፡ ወትሩ ገለ ለውጢ ክትገብር ብንቕሓት ክትንቀሳቐስ ይግባእ።

እናሓንሳእ ሓንቲ ነገር፡ ሓንቲ ሓሳብ ወይ ሓንቲ ተወሳኺት ጻዕሪ ኣብ ህይወትካን ስራሕካን ዓቢ ለውጢ ከተምጽኣልካ ትኽእል እያ። ከም ውጽኢቱ ኣብ ጫፍ ዓወት ክትሓኵር ትኽእል ኢኻ።

ስጉምቲ ምውሳድ መቀላጠፊ (catalyst) ለውጢ ናብ ዓወት ዝመርሕ እዩ። ነዚ ንኸተማልእ ዓሚቕ ባህጊ ምዕዋት የድልየካ። ብዙሓት ሊቃውንቲ ናይ ምዕዋት ባህጊ ኣካል መፋጥርትናን ኣብ ናትና ‘ዲኤንኤ’ ከም ዝርከበን እዮም ዝኣምኑ።

የግዳስ ኩላትና ናብ ማዕረ ጥርዚ ዓወት ኣይንበጽሕን ኢና። ስለምንታይ ኢና ከምኡ ንኸውን፧ እቲ ቐንዲ ጠንቂ፡ ኩላትና ሓደ ዓይነት ጻዕሪ ስለ ዘይንገብርን ሓደ ዓይነት ተመክሮ ስለ ዘይብልናን ኢና። ኣብ ዓወት ዘለና ተግንዝቦ እውን ሕደ ኣይኮነን።

ከም ውጽኢቱ ኩላትና ንገዕዞ ዓወት ካብ ሕደ ከርናዕ ኣመለኻኽታ ኣይኮንናን እንጥምቶ። ኑዩም ኣብ መንገዲ ዓወት ዝጸንሑና መሰናኽላት እውን ብሕደ ዓይነት መኣርሒታት ኣይኮንናን እነወግዶም። የግዳስ ኩላትና ብዐቢትና መንገዲ ኑቲ ናብ ዓወት ከብጽሓና ዝኽእል መኣርሒ ክንፈልጦን ክንጥቀመሉን ንኽእል ኢና።

እቲ ቀመር ቀሊል እዩ። ስጉምቲ ምውሳድ = ለውጢ = ዓወት እዩ። ዝኢ ከጸንዕ እትኸብዶ ሰብ እንተ ሃልዩ ውሑድ እዩ ክኸውን ዝኽእል።

መብዛሕትና ካብ ስጉምቲ ክንወስድ ብዘኾኑን ዘይኮኑን ክንህመል (distract) ኢና እንርኢ። ግደ ሓቂ ኣብ ስራሕና ዘጋጥሙና ምህማል ወይ ምስጋል ዳርጋ ኣይፍለጠናን እዩ።

ስራሕ ክትወፍር እንከለኻ ኣትሓዙ ቀጨወጫው ዝበለካ እንተ ኾይኑ፡ ስራሕ ምስ ጀመርካ ዝስልችዮካ እንተ ኾይኑ፡ ብዙሕ ከይቀጸልካ ከብድኻ ዝቖርጸካ እንተ ኾይኑ … እተፍርዮ ስራሕ ምሕር ውሑድ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል።



ኑዩም ኣብ ስራሕካ ጥራይ ከይተወሰነ ዘጕናደቡኻ ነገራት እንተ ኣለዊኻዮም፡ ንምእላዮም ብዙሕ ኣይኮበደካን እዩ። ንኣካልካን ኣእምሮኻን ንቑሕ እንተ ደኣ ገይርካዮ፡ እቶም ካብ ስራሕካ ዘጕናድቡኻ ወይ ዝህምሉኻ ዝኽእሉ ነገራት ኣይዕወቱልካን እዮም።

ብዙሓት ሰባት ናብ ጥርዚ ዓወት ክሓኹሩ ዘይክእሉሉ ምኽንያት እምበኣር፡ ኣብ እዋን ስራሕ ብዘጠቕምን ዘይጠቕምን ካብ ስርሖም ስለ ዝጕናደቡ እዮም። ገለ ሰራሕተኛታት ዝፈልጥዎም ኢጋይሽ እንተ ረኺቦም፡ ምስኦም ነዊሕ ሰዓታት ከዕልሉ ክበሉ፡ ንስራሕ ዝበድሉ ቀጻሊ የጋጥሙና እዮም።

ካልኦት ድማ ኣብ ክንዲ ኣብ ስራሖም ዘተኩሩ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ዕላል ቴሌፎንን ምሕር ስለ ዝጽመዱ፡ ካብ ዝሰርሕዎ ዘይሰርሕዎ ይበዝሕ። በዚ ድማ ንስርሖምን ተገልገልትን ክዘስዩ ቀጺሎ ይረኣዩ።

ነፍሲ ወከፍ ሰራሕተኛ ኣብ ስርሑ ዘፈጥሮ ምጕንዳብ ወይ ምህማል፡ ተገምጢሉ ንዕኡ ከም ዝዘሰዮ እንተ ዘይተገንዘበ፡ ኣብ ዝለዓለ ዓወት ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ። እቲ ማህሰይቲ ብብቑሩብ እናተኸመረ ስለ ዝጥቅዕ፡ እቲ ግዳይ ቀልጢፉ ኑቲ መጕዳእቲ ኣየለልዮን እዩ። ዋላ ኑቲ መጕዳእቲ ምስ ኣለለየ፡ ቀልጢፉ ክቖርጾ ኣይክእልን እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ዕላል ወይ ጉዳይ ማሕበራዊ መራኸቢታት ድሮ ወልፊ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብ ወልፊ ቀልጢፍካ ክትገላገል ዘሎ ቃልሲ ድማ ብቐሊሉ ዝጥመት ኣይኮነን።

ምጕንዳባት ምኽንያታት ክኸኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ መጠረሽታ ድማ ንኹሉ ዓቕምታትካ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽርኻ ከእትወዎ ይኽእል። ዓቕምኻ ኣብ ሓደጋ እንተ ወዲቑ ድማ ዓወትካ ኣብ ሓደጋ ከም ዝወድቕ ክጠፍኣካ ኣይግባእን።

እተሓላለኹ ምጕንዳባት እንተ ሃልዮም፡ ጽፈት ስራሕ ክህሉ ትጽበት ዝግበር ኣይኮነን። ምጕንዳባት ኣብ ስራሕ ክበዝሑ እንከለዉ ዋላ ኑቲ ኣብ ስራሕካ ዝበረኻ እምንቶ እዩ ዝድርቶ። እዚ ተመሊሱ፡ ንዝበርካ ገሲጋስ ይሕንኽሶ። ኣብ መወዳእታ ድማ ንመጻኢኻ ብኣሉታ ይጸልዎ።

ገለ ሰባት ግዳይ ምህማል ኣብ ስራሕ ከም ዝኾኑ ኣይርድኦምን እዮም። ካብ እዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት እናተፈለጡካ ዲኻ ከይተፈለጡካ ንሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ትጥቀም እንተ ሃሊኻ፡ ምጕንዳብ ኣብ ስራሕ ካብ ዓወት ሓሊኹኻ ከም ዘሎ ቆብ ከተብሎ ኣለካ። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፡

## ኣብ ስራሕ ዘይምህማል

- ኣነ ዝኢ ክሰርሖ ኣይክእልን እየ።
- ኣነ ክሱብ ክንዲ'ዚ፡ በሊሕ ኣይኮንኩን።
- ንዓይ ልዑል ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ የብለይን።
- ኣነ ኑቲ ክሕግዝኒ ዝኽእል ቅኑዕ ሰብ ኣይፈልጦን እየ።
- ኣነ ብቑዕ ኣይኮንኩን።
- ኣነ እምበር መጠን ወይ ልዕሊ መጠን ብቑዕ እየ።
- ኣነ ምሕር ብዕድመ ንእሽቶ እየ።
- ኣነ ምሕር ሸምጊለ እየ።
- ንዓይ ግዜ ምሕር ይሓጽረኒ ኣሎ።
- ንዓይ እኹል ግዜ የብለይን።

ኑዩም ኣብ ስራሕ ዘጋጥሙኻ መሰናኽላት ንምእላዮም ምሕር ከቢድ ምዃኑ ክስመዓካ ይኽእል እዩ። ንገለ ሰባት እውን ክሱብ ተስፋ ምቑራጽ ዘብጽሖም ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ስራሕ ምህማል ንብዙሓት ሰባት ስለ ዘጥቅዑ፡ ንዓኻ እንተ ኣጋጢሙካ ከም ንቡርን ከም መደዓዓሲን ክትወስዶ ኣይግባእን።

ኑቲ ኣብ ስራሕ ዘጋጥም መሰናኽላት እትኣልየሉ እቲ ዝሰለጠ መንገዲ፡ ስጉምቲ ምውሳድ እዩ። ኣብ ስጉምቲ ምውሳድ ሓይሊ እንተ ኣጥሪኻ፡ ኣብ ስራሕካ ዘያዳ ንጹረ ይህልወካ። ኣንፈትካ ንኽትመዓራረ ዕድል ትረክብ። ኣብ ዓወት ድማ ምሉእ ብምሉእ ተድህብ።

ጉዳይ ኣድህቦ ኣቃሊልካ ዝረኣ ኣይኮነን። ንሸኻ ኣብ እቲ ክትጭብጦ እትሓልሞ ኢኻ ክተድህብ ዘለካ። ኣብ እቶም ዘጕናድቡኻ ወይ ምኽንያታት ተድህብ እንተ ኾንካ ግዱ ካብ መንገዲ ዓወት እናንደልሃጸካ ኢኻ እትመጽእ።

ንሸኻ ኣብ ሽቶኻ ዲኻ እተድህብ፧ ኑዩም ናብ ዓወት ዘወስዱኻ ደረጃታት ብዕቱብ ትሓኽሮምዶ፧ ዋላስ ቀንዲ ኣድህቦኻ ኣብ እቶም ካብ ስራሕ ዝህምሉኻ ኢኻ እትገብሮ።

ስጉምቲ ምውሳድ ኣብ ህይወትካን ስራሕካን እወታዊ ውጽኢት ንኽተመዝግብ ማእለያ ዘይብሉ ኣበርክቶ እዩ ዘለዎ። ተበግሶ ምውሳድ ቀጻሊ ንቑሕ ንኽትከውን የኽእለካ። ኣድህቦ ምግባር ብእወታዊ መንገዲ ናብ መንገዲ ዓወት ክትበጽሕ ይድርኸካ።

ብቐጻሊ ብኣድህቦ ክትሰርሕ ከም ዘለካ ክትዛረቦ ይቐልል ካብ ከተተግብሮ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ዘጋጥሙና ምጕንዳባት ወይ ምህማላት ቀለልቲ ኣይኮኑን። ክንዲ ዝኾኑ ካብ ኣድህቦና ንወጽእ ከም ዘለና ክፍለጠና እንከሎ፡ ኑቲ ዘጕናደብና ዘሎ ጉዳይ ወይ ነገር ንምእላይ ሓያል ጻዕሪ ኢና ክንገብር ዘለና።

ስጉምቲ ምውሳድ እቲ ኣገዳሲ ኣካል ንህይወትካ እትልውጠሉ ኣገባብ እዩ። ንሸኻ ሽቶኻ ክትጭብጥ ትፍትን እንተ ሃሊኻ ወይ ንሓደ ጸገም ክትፈትሕ እንተ ኣንቂድካ፡ ስጉምቲ ብምውሳድ ንገጹ ርእሰኻ ኣብ ስራሕ ክትጽምዶ ኣለካ።

ገለ ሰባት ጸቡቕ ሸቶ ይሕንጽጹ። ንጸገማቶም ወይ ብድሆታቶም ብግቡእ የለልዩ። ካብኡ ኮፍ ኢሎም እቲ ስራሕ ባዕሉ ክዕመመሎም ኢዶም እግሮም የጣምሩ።

ዓለም ብሸምዚ ኣይትሰርሕን እያ። ባዕልኻ ብእትሰርሖ ጥራይ ኢኻ ኣብ ስራሕካን ህይወትካን ለውጢ ከተምጽእ እትኽእል። ከነታትካ እትልውጠሉን ንውጽኢትካ ናብ ዝሓሸ እትጸልወሉን እንኮ መንገዲ፡ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ንጡፍ ብምዃን እዩ። ሓይሊ ስጉምቲ ምውሳድ ኣብ ስራሕካን ህይወትካን ዝያዳ ዕወት፡ ዕጉብን ሕጉስን ንኽትከውን ከም ዝሕግዞ ዋላ ሓንቲ ዘጠራጥር የብሉን።

ሓሳብ ዝጽላእ ኣይኮነን። ካብ ሓሳብ ወጺእካ ናብ ተግባር ክሱብ ዘይተሰጋገርካ ግዱ ብዙሕ ፋይዳ የብሉን። ገሊና ኑቲ እንወስዶ ስጉምቲ ፍጹም ክንገብሮ ብምሕላን፡ ስጉምቲ ዘይንወስድ ኣለና። እዚ ንባዕሉ ሕማም እዩ። ‘ልምሰት ብትንተና’ (paralysis by analysis) ተባሂሉ ድማ ይፍለጥ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ሕማም እንተ ተሸኺልካ፡ ፍጹም ዝኾነ ውጥን ከተወጽእ ክትብል፡ ዋላ ሓንቲ ስራሕ ኣይትዓምምን ኢኻ። ካብ ፍጹም ሸቶ ክትሕንጽጽ ግዜኻ እተጥፍእ፡ ንእሽቶ ስራሕ ኣበርኪትካ ገለ ለውጢ ኣብ ህይወትካን ስራሕካን ምምጻእ ይምረጽ።

ነፍሲ ወከፍ ንቕድሚት እትወስዶ ስጉምቲ፡ ዋጋ ዘለዎ መልሱዕንጋለ ከምጽኣልካ ይኽእል እዩ። ናብ ተግባር ክትሰጋገር እንከለኻ ካብ መኣርሕትኻ፡ ናይ ቀረባ ሓላፊኻ፡ ዓማዊልካ … እትረኽቦ መልሱዕንጋለ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ናብ ጽፉፍ ስራሕ ክመርሓካ ተኽእሎ ኣሎ። ክንዲ ዝኾነ ወትሩ ናይ ተግባር ሰብ ኩን።

“ገሲጋስ ካብ ፍጹምነት ይበልጽ።” - ኮል ራንዳል

“ካብ ምሉእ ፍልጠት ብዘይተግባር፡ ሓደት ፍልጠት ምስ ተግባር ይምረጽ።” - ኻሊል ጂብራን

መወከሲ፦ The Work Is the Reward
- Free to Focus
- Risks of Risk Taking
- Learning Through Action
- Progress Over Perfection
- Risk and opportunity
- Living Forward
- Unleashing Your Potential
- The Rewards of Risk-Taking
- Overcoming Limiting Beliefs
- The Power of Taking Action
- Mind Your Mindset
- Win at Work & Succeed at Life





# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## እምባ ተኺሎ ኣለና

መጀመርታ 2000
- 08 : 03 ድ.ቐ. -



ተማሃሮ 10ይን 11ን ናይ ዞባና፡ ኣብ ናይ ሰሚስተር ዕረፍትና ሓንቲ ሚኒ- ማእቶት ኣላትና። እዘን ክልተ ሰሙን ዕረፍትና ንሃዞሞ ዓጺድ ክንወፍር ተበጊስና። ክሳዕ ሕጂ ማእቶት ወጺአ ኣይፈልጥን'የ። ማሪ'ንድየ ንእሸተይ ኲይነ። ኣብዛ ወፍሪ'ዚኣ ግን ንእሸተይ የለ ዓቢ የለ ኲሉኻ ኢኻ ትወፍር። ደቂ ክፍለይ 10ይ-C ኩሎም ጸባ ጸገብ፡ ኣጉባዝ ሃገረ ሰብ እዮም። ናብራ ገጠር ዘይፈልጥ ዝብሃል እንተ'ሎ - ኣነ'የ፣ እቲ ዝነኣሰ ዝብሃል እንተ'ሎ - ኣነ'የ። ገና ኣብ ክፍልና እናተማሃርና ስለ ዘሐንቀቑኒ፡ ኣብ መገሻ ከይሸገር ኢለ ኣይፈራሕኩን። እኳ ደኣ እቲ ብኽረምታዊ ማእቶት ዘይረኸብኩዎ መቐረት ክጥዕሞ እሃርፍ ስለ ዝነበርኩ፡ ካብ እግሮም ክተርፍ ኣይደለኹን። ንግስተይ ተሻቂላ፡ "ክዛረቦም'የ፡ ንስኻ ከይድኻ እንታይ ክትከውን፡" ኢላትኒ ነይራ። እዛ ዘረባ ከይትደግማ ብኹሎም መልኣኽቲ ለሚነያ። ንኸእምና ንሳ ትፈልጦም መካይድተይ ጠቒሰላ፡ ብሓደራ ነቲ ኣብ ክፍለይ ዝኣልየኒ መማህርተይ ኣረኪባትኒ።

ናብ ዝኸኑ ካብ ዘይገደሽ ነዊሕ ኲይኑ ኣሎ። ምስ መንከ ክገይሽ ኢለ። እንተ ገይሸ ንግስተይ መን ክሕግዛ። እዚኣ ግን ክትተርፍ ዘይብላ'ያ። ንግስተይ ከይናፍቓ'ውን ኣይፈራሕኩን፣ ማራ ስለ ዝደለኹዋ'የ ዝኸውን። ጥሕኒ፡ ኣዋዘ፡ ጸበል፡ ፈውሲ ተመን፡ ሕንባሻ፡... ተጠርኒፉለይ'ዩ። 30 ናቕፋ ከኣ ተዋሂበ። እታ ዓሰርተ ምስ ኣጉረምረኩ ተወሲኸ'ምበር፡ 20 ናቕፋ ጥራይ'የ ተዋሂበ ነይረ። ከምቲ ዝነኣስኩ ኣነ፡ ዝወሓደ ገንዘብ ዝነበሮ ከኣ ኣነ'የ ነይረ ዝኸውን።

ካብ ከተማና ብኤራ-ባስ ዝብሃላ ኣውቶቡስ ኢና ነቒልና። ሓደስቲ'የን መስለኒ፡ እናኣወዳደሩ ነዊሕ መገዲ ኣዕሊሎም። ኣነ ዕግርግ ስለ ዝብለኒ፡ ኣብ ቅድሚኣም ከየምልስ እሻቐል ነይረ። ዝገብሮ ኩሉ ብጥንቃቐ እዩ። ግን ኣይከም ዝፈራሕኩዎን። ብመስመር ኣስመራ-ደቀምሓረ ኢልና ናብ ማይ-ዓይኒ ኣንቈልቀልና። ኣብ እግሪ ሓንቲ ጻዕዳ ዝሕብራ ጎቦ እናመልከቱ፡ "ኖራ ካብዚ'ዮም ዘምጽኡዎ፡" ኢሎሙኒ። ኣብቲ ጉላጉል ምስ በጻሕና፡ ብዝጠመትካዮ ቀጠልያ ጀራዲን'ዩ ዝርኣየካ። እቲ ኣብቲ ግራውቲ ዝነበረ ፍረታት ሸዊት በረኻ ኲይኑ ይስምዓካ። ኣራንሺ ኣብ ካሴታ'ምበር ኣብ ተኽሊ እንከላ ርእየ ኣይፈልጥን። እዚ ሩባ'ውን ካብ ሜዳ ቤት ትምህርትና ይዓቢ። መረብ ደኣ እንታይ ኣሎዋ። ዝዛሪ ማይ ግን ናይ መረብ ይበዝሕ። ማይ-ዓይኒ ብስማ ጽቡቕ ገይረ'የ ዝፈልጣ። ልክዕ ከምዘን ንኣሽቱ ከተማታት ክትከውን ተጽብየ ነይረ፣ ተራእምኒ ግን ትዝንጥ።

ኤራ-ባስ ሰተት እናበለት ኣብ እግሪ እምባ ተኺሎ ኣብ ደረት መገዲ ደው በለት። ብርግጽ ከነዕርፍ ኢልና ደው ዝበልና መሲሉኒ። ኣስማትና ተጸዊዕና ቦርሳና ኣውሪድና፣ እቶም ዝተረፉ ከኣ ናብ ሰርዐ ዝብሃል ንቑጣ ሒዛቶም ተመርቂፉ። ኣብታ ጽርግያ ንሕናን ቦርሳናን። ብቕድሜና ዓይንኻ ዘየሕልፍ ጫካ፡ ብድሕሬና'ውን ከምኡ። ኣብታ ደረት ጽርግያ "መንብሮ" ዝብል ታቤላ ጥራይ። እዚ ሰራውን ጨዋን ገለ ዓይነት'ዩ። ሰራው ከባቢና ደኣ ካብ መምህር ሳምሶም ዘይነውሕ።

"ኢሂ'ታ እንታይ ደኣ፡" እንተ በልኩዎም ንሓደ፡ "ኣብዚ'ዩ ንቑጣና።" "በቃ፣" "በቃ።" መሪሖሙና ናብቲ ጫካ ኣቲና። ኣብዚ ምስ ኣተና ይሓይሽ። ማይ ዝመለአ ፊስቶታት፡ ቴንዳን ዝተሰኸተተ ዓበይቲ ድስትታትን ገለን ጸኒሕና። በቲ ዝጸንሓና ተስፋ ገይረ እንከለኹ፡ ቴንዳ ሂቦም ትኸሉዎ በሉና። "ኣበይ፣" ከይትብልኒ፡ ኣብ ትሕቲ ገረብ ጨዓ'ምበር። መማህርተይ ከምዛ ዝበለኪ ኣብ ዓሰርተ ደቒቕ ሰሪሖም ምንጻፍና ኮቦርታናን ኣንጺፎም፡ ጥሕኒ ብጃሎን ምብጽባጽ ጀሚሮም። ኣነ ኣብ ማእከሎም ከም ዝድቅስ ገይሮም። እምበርከ ብሓደራ'የ ተረኪበ። ፍርሒ ግን መሊኡኒ'ዩ ዘሎ። በቲ ትርኣሰይ ሸዋሕ ዝብል ደምጺ እንተ ሰሚዐ በተግ እብል። ተመን ጥራይ'ዩ ዝርኣየኒ። ብደገ ወጺአ ኣብ ትርኣሰይ ወገን ዘሎ ቴንዳ ብሓመድን እምንን ገይረ ከም ዘይግንጸል ገይረዮ። ይሓይሽ፣ ኣብ መንጎ ኩሎም ስለ ዘለኹ ከኣ ንእኦም ሓሊፉ እንታይ ከይበልዓኒ። ድሕሪ ድራር ኮቦርታና ተጉልቢብና፡ ንእሸተይ ናብ ተኺሎ ደይብና ኮፍ ኢልና። ንደቡባዊ ምዕራብ እምባ ተኺሎ ኢና ዘለና። ልክዕ ብኣንጻርና ወገን ናይዚ እምባ መንብሮ ትብሃል ዓዲ ኣላ፣ "ክንወስደካ ኢና፡" ኢሎሙኒ ኣለው። ኣብዚ እምባ ኣብ መዓኮሩ ኢና ኮፍ ኢልና ዘለና። ኣብዚ'ውን ፍርሒ ኣሎኒ። ልክዕ ብፊትና ግንባር እግሪ መኸል ኣሎ። ነቲ ጸጸኒሑ ዝሰማዕ መዳፍዕ ክንርኢ ኣምሲና። ናይ ኲናት ብዙሕ ሕክያ መጺኡ። እግሪ-መኸል ከይደ ክርእዮ ተሃንጢየ ኣለኹ። ባዕሎም ጠርኒፎም ይወስዱና ደኣ ይኹኑ'ምበር።

ከይተረድኣኒ ምስ ህንጡይነተይ ብዙሕ ኣዕሊለኪ። ሕጂ ግን ደኺመ መስለኒ። ክፍትን'የ በሊ።

## እግሪ-መኸል በጺሕና

መጀመርታ 2000

ሃዘሞ ምውፋረይ ብዙሕ እረብሕ ኣለኹ፣ ብዙሕ እፈልጥ ኣለኹ፣ ብዙሕ ከኣ እሕጉስ ኣለኹ። ዓዲ ምርኣይ እቲ ዝነኣሰ ዝረባሕኩዎ'ዩ። ኣብዚ ከባቢ ብዙሓት ኣብ ዓዲ ንፈልጦም ሰብ ኣለው። ገለ መምህራን ገለ ከኣ ሓይልታት። ሳሕቲ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜና ኣብዞም ዝበልኩኺ ኢና እንኸይድ። ዜርና ዜርና ዕላልና ብዛዕባ ካልኣይ ወራር'ዩ። ንሕና ሃህ ኢልና ጥራይ ንሰምዕ። ኣብ መወዳእታ ዕላሎም ኣብ ትምህርትና ክንነፍዕ ከም ዘሎና ይነግሩና። መዛዘሚ ዕላሎም ንሳ'ያ።

ካብ ቴንዳና ክሳብ እቲ ንዓጽደሉ ግራውቲ ብዓበይቲ መካይን ኢና እንኸይድ። ኣብዚ ጉዕዞ ዘሎ ህይወት ኣበይ ክርከብ ይኽእል! ኣብቲ ስራሕ ካብ ንደኽሞ፡ ኣብቲ መገዲ ብሰሓቕን ጸወታን ንደኽሞ ይበዝሕ። እቲ ንሓልፈሉ መገዲ ብትሕቲ ኣግራብ እዩ። ምኽንያቱ ደሮና ከኽሸፈና ስለ ዝኽእል እዩ። መጀመርታ እጠራጠር ነይረ። እዞም ሓይልታት እንተ ትርእዮም፡ ዝኾነ ሻቕሎት የብሎምን። ርግኣቶም ርኢኻ፡ ከይተፈለጠካ ትቐስን። ኣዝዩ ነዊሕ ጉላጉል ሰጊርና ኢና እንዓጽድ። ብእግርኻ ክምጻእ ዝኽእል ኣይነበረን። እቲ ናይ ስራሕ ቦታ ካብ ንገዛና ናብ ድፋዕ ይቐርብ።

ካብ ዓሰርተ ዘይንበዝሕ ካብቶም ብሓደ ንድቅስ ካብ ስራሕ ከይተመለስና ኣብኡ ክንተርፍ፣ እተን መካይን ምስ ከዳ እግሪ-መኸል በጺሕና፡ ድራር ኣብ ቍጽጽር ከነርክብ ተሰማሚዕና ሓዲርና። ስራሕና ምስ ዛዘምና ከኣ ከምታ ዝተባሃልናያ ተሓቢእና ኣፋኒናዮም። ሓንሳእ ብጉያ፡ ሓንሳእ ብሸለብገለብ ናብ ድፋዕ ገጽና ተሃንዲድና። ብውሽጠይ ፈሪሐ'የ መስለኒ እርበሽ ነይረ። ትኽ ኢልና ናብቲ ቅድሜና ዝነበረ ድፋዓት ተጸጊዕና። ኣማዕዲና ካናለ ንርኢ ነይርና። እታ ቅድሜና ዝነበረት ንእሽቶ ጎቦ ኣግራብ የብላን። ፍሕሸው ዝበለ ሓደ ዓይነት ሕብሪ መሬት ነይሩዋ። ብዘይካ ሓደ ክልተ ኣእማን ሰብ ዝነብራ ኣይትመስልን። ምስ ቀረብናያ ብዙሕ በዓቲ መሰል ሃዳሙ ጸኒሑዋ። ከምዛ ካብ ጉድጓዱ ዝወጽኡ ዘለዉ ክመስሉ ጸጸኒሖም መሰስ ይብሉ ነይሮም። ኣብቲ ቴንዳ ምንባር እናኣፍርሓንስ ምስ ኣትማንን ዕንቅርቢትን ከመይ ኢለ ምተቐመጥኩ እንድዒ። ብልበይ ዝበጻሕና ይመስለኒ ነይሩ። ነቶም ሰላም ኢልናዮም ክንሓልፍ ዝሓሰብናዮም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ "ናበይ ደኣልኩም፣" ኢሎም ደው ኣበሉና። ሰላምታኦምን ፍሽኽታኦምን ኣየጓንየካን'ዩ። "ናብ እግሪ-መኸል ኢና፣ እተን ታንክታት ገለ ክንርእየን ኢልና፡" በሉዎም። ኣነ ምስማዕን ምርኣይን ጥራይ'የ። ሰላምታ ኣብ ኩሎም በጺሓ ኣባይ እያ ደው ትብል። ርእሰይ ይድህስሱኒ ወይ ብኢዶም ሒዞም ሰላምታ ዝጻገቡ። እግሪ-መኸል እቲ ገሚተዮ ዝጸናሕኩ ኣይኮነን። ኣብ ፊትና ጸላኢ ዘሎዎ ኣርእዮሙና። ብርግጽ ይርእያና ነይረን ይኾና እየን፣ ቀረባ'ዩ። ናብቲ ብዙሕ ህልቂት ሰብን ኣጽዋርን ዝነበሮ ወገን ግና ገና ከም ዘለና ነጊሮም፡ መገዲ ሓቢሩና። በቲ ማእከል ጣሻ ከምቶም ሰራዊት ተር ኢልና ንጠሓሕስ ነይርና። እንተወሓደ መገዲ ሰዓት ተጓዒዝና ንኸውን ኢና።

ንእዮብ ተመሲጠ'የ ዝርእዮ ነይረ። ቍመቱ ዘራፍ እዩ፣ ስጉሙ ሰለስተ ጉያ ናተይ ይኸውን። ካብቶም ሓይልታት ዋላ ሓደ ዝፈልዮ የብሉን። ኣብ ሸምጡ ዕጥቂ፡ ኣብ መንኮቡ ብረት ኣሰኪመ ክስእሎ ፈቲነ። ዘይዓይነይ ክርኢ ብኣፈይ ተተኺለ ነይረ።

ድሕሪ ናይ ሰዓታት ጉዕዞ ኣብ ቅድሚት ግንባር እግሪ-መኸል በጻሕና። እዋይ ህይወት! ከይተፈለጠካ ምስኦም ክትነብር የወናውኑኻ። ዓቢ ጋሻ ከም ዝመጽኦም ሕጉስ ኢሎም ተቐቢሎሙና። ድሮ ድራር ኣብ ምድላው እዮም ነይሮም። ኣብቲ ካናለ ኣቲና ኩሉ ርኢናዮ። ኣብ ቅድሜና - ቅድሚ ድፋዕና - ምዓት ዝነደዳ ታንክታትን ግሬደራትን ኣለዋ። 20 ሜትሮ ኣቢለን ንድፋዕና ሓሊፈን ዝሓረራ'ውን ኣለዋ። ንኹለን በብሓደ ምስ ኣጋጣሚታት ናይቲ ወራር እናኣተኣሳሰሩ ኣዕለሉና። ናይተን ግሬደር'ሞ ሕልፊ ኣሎዎ። እተን ታንክታት ኩናት መጻወቲ ሜዳኦን'ዩ። ንሰን ግን እንታይ ክባቕጣ መጺአን ኣሰደሚሙኒ። ኣብ ድፋዕና ዘሎ ዕላል ብጽሒ ብጽሒ በልናዮ። ዜናዊ ካሜራ ተማሊኡ ብምንባሩ ሓደ ክልተ ስእሊ ወሲድና። ኣብ ቅድሚ ድፋዕና "ኣብ ትሕቲ እታ ትርእዩዋ ገረብ ሓሙሽተ ካብኣን ኣለዋ። ገለኣን ገና ክሳዕ ሕጂ ይስሕቃ ኣለዋ። ቀስ ኢልና ርኢናየን ክንምለስ ንኽእል ኢና፡" በሎም። ቅድሚ ድፋዕ ፈንጂ ከም ዝዝርአ እፈልጥ እየ። ደድሕሬኡ እናኸድና ክንበጽሖ ንኽእል ኢና። ኣስተውዕሊ ዳየረይ! ካብ ድፋዕና ወጺእናስ ኣብ መንጎ ድፋዕናን ድፋዕ ጸላእን'ኳ ኢና ክንከውን። ኣነ ፈሪሐ ምስታ በቲ ሓደ ወገን ተመሪሓ ትዕዘብ ዝጀመረት ጉጅለ ተሓዊሰ። ብበዓል ዜናዊ ግን ቅሳነት ሰኣንኩ። ተር ኢሎም ከይዶም ርእየሞን ተመሊሶም። ገና ዘይተቐብረ ብዙሕ ሬሳ ከም ዘሎ ነጊሮሙኒ። እንቋዕ ኣይከድኩ።

መማህርተይ - መዋፍርተይ - ነዛ ኣጋጣሚ ክጥቀሙላ ድላዮም ሕቶታት እናሓተቱ ኣነ ብስቕታ ተዋሒጠ ትም በልኩ። ብዛዕባ ዝኾነ ኣይሓሰብን ነይረ። ቴንዳና ተረሲዑ፣ ገዛናን ንግስተይን ተረሲያም፣ ዋላ ዮዲታ ተረሲዓ። ተደሪርና ክንከይድ ወጠጥ ኢሎሙና፣ "ክመስየና'ዩ፡" ኢልና ጉዕዞ እግሪ ተተሓሒዝናዮ። ካብቲ ጫካ ወጺእና ኣብቲ ግራውቲ ምስ በጻሕና፡ ባና ቀላይ-ባዓልተት ተቐበለና። በዚ ባና እናተተሰፈና መረሽና፣ ጉላጉል ሃዘሞ ግን ኣረብሪቡና። ክንመጽእ እንከለና ብመኪና ስለ ዝመጻእናዮ ኣዕቢና ኣይርኣናዮን። ክሳብ መደቀሲና ንበጽሕ ኣየዕረፍና። ካብቲ ፊስቶ ማይ ነዛ ነብስና ክዕው ኣቢልና ናብ ቴንዳና ኣቲና። ኩሎም ድቃስ ክወስዶም ግዜ ኣይወሰደን። ገለ ከኣ ዝዝንቶ ረኺቦም የዘንትው ኣለው። ቅድሚ ኩሎም መዋፍርትና ስለ ዝኸድና ኩርዓት ይስምዓና ኣሎ። ድሮ ዝኸድናዮ መገዲ ከጽንዑ ጀሚሮም። ዳየረይ ደኺመ'ምበር ናይቲ ኣብ ኲናት እግሪ-መኸል ዝነበረ ዘዕለሉና ጅግንነትን ቅያን መዕለልኩኺ ነይረ። ንጽባሕ ይኹነልና።

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ከረን - ጸወታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ይቕጽል

### ዳርሰላም ከይተሳዕረት ትግስግስ

ስታድዩም ከረን ግጥማት ቀዳማይ ዲቪዥን ኣብ ዘኣንገደሉ፡ ኣብ ሓያል ቅልስ ዝርከብ ጋንታታት ዳርሰላም፡ ደንደን፡ ገዛ ጥኑና ከረን ጀዳይደን ዓወት ብምምዝጋብ ደረጃኦን ዓቂበን።

ቀዳም ንዳርሰላምን ኣሰሙድን ዘራኸበ ግጥም፡ ክሳብ ቀዳማይ እብረ ዝዘለም ብዘይ ሽቶ እዩ ቀጺሉ። ድሕሪ ዕረፍቲ ንጸኑዕ ማስመር ምክልኻል ኣሰሙድ ንምስባር ክትቃለስ ዝወዓለት ዳርሰላም፡ ኣብ መበል 58 ደቒቕ ሰሊጡዋ ብመንገዲ ኤሙህሰ የውሃንስ ሽቶ ረኺባ። ድሕሪኡ ዝተመዝገበ ሽቶ ኣይነበረን።

ጸወታ ድማ ብዓወትን ዘይተሳዕሮትን ዳርሰላም 1ብ0 ብምዝዛሙ፡ መሪሕነታ ዓቂባ። ሚሮን ኣለምሰገድ ካብ ኣሰሙድ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰይሙ።

ድሕሪኡ ደንደንን ደሴትንየን ተራኺበን። ኣብ ቀዳማይ እብረ፡ ደሴት ካብ ስብሓቱ ሃብተማርያም ብዘርከበቶ እኹል ሽቶ፡ መራሒ ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ። ካልኣይ እብረ ተውዲባ ዝተመልሰት ደንደን ሓያል መጥቃዕቲ ብምፍናው ኣብ ልዕሊ መቀናቕንታ ጸቕጢ ብምፍጣር ኣብ ውሽጢ 11 ደቒቕ ካብ ራኢ ፍጹምን ፋትኤል ዓንደጼንን ዘመዝገበቶን ሽቶታት ተሓጊዛ 2ብ1 ተዓዊታ ወጺኣ። ራኢ ፍጹም ከኣ ብሉጽ ናይቲ ግጥም ኮይኑ።

ብሰንበት ንገዛ ጥኑና ምስ ኢትዓብር ዘራኸበ ግጥም ድማ፡ ኣብ ብሉጽ ቀመና ትርከብ ገዛጥኑና ቅልጥፍቲ ሽቶ ካብ ሳምሶን ክብረኣብ ረኺባ'ኳ ክትመርሖ እንተ ፈተነት፡ ኢትዓብር ብሽቶ ዓብድረዛቕ ማሕሙድ ተመዓራሪያቶ። ገዛጥኑና መጥቃዕታ ብምሕያል ደጊማ ክልተ ሽቶታት ካብ ተማስገን ብርሃ ብምውሳኽ 3ብ1 ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሓ።

ድሕሪ ዕረፍቲ መጥቃዕታ ዝቐጸለት ገዛጥኑና



ካብቲ ብዓል ጸቡቓ ኮይኑ ዝወዓለ ተማስገን ብርሃ ንዓኣ ራብዐይቲ ንኣባላ ድማ ሃትሪክ ተሰሪሑ ሽቶ ኣመዝገበት። ኣብ ውዱእ ሰዓት ካብ ስዕረት ዘይተናግፍ ደጊማ ካብ ዓብደረዛቕ ሽቶ ዝረኸበት ኢትዓብር ድማ ብሓፈሻ 4ብ2 ተሳዒራ። ተማስገን ብርሃ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ቀጺለን ከረን ጀዳይደን ኣልነጅምን እየን ገጢመን። ኣብቲ ሓያል ቅልስ ዝተራእዮ ጸወታ፡ ኣልነጅም ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ኣቤል ጎይትኦም እኹል ሽቶ ኣመዝጊባ መሪሓ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ ሓዩላ ዝተመልሰት ከረን ጀዳይድ ንጸወታ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ብምእታው ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2ብ1 ተዓዊታ። ንክልተ ሽቶታት ናይዛ ጋንታ ዘመዝገበ ሓምዛ ዓሊ ድማ ብሉጽ ተባሂሉ ተረቚሑ። ሻምፕዮን ቀዳማይ ዲቪዥን ዝመጽእ ሰሙን ግጥማት ከሶላል ምኽንያት ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ኣብሪሁ።

## ዓዲ ቐይሕ - ውድድር ግራስ ሩት ተዛዚሙ

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ ንሰለስተ ወርሒ ብስሩዕ ዝቐጸለ ውድድር ህጻናት ግራስ ሩት፡ ሰንበት 11 ጥቅምቲ ተዛዚሙ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ውድድር ዝተረኽበ ወጽኢት ድማ ከምዚ ይመስል፡ ኣብ ዕድመ 11ን12 ኣዱሊስ ብ25 ነጥቢ ክትዕወት እንከላ፡ ንዓኣ ተኸቲለን ድማ ዛራ ብ24 ነጥቢ ኣልኣሰር ድማ ብ22 ነጥቢ ዕወታት ኮይነን። ኣብዚ ዕድመ ሳንደሮ ናህም፡ መሓመድ ማሕሙድን ሂሩቦል ሚከኤልን ብሉጻት ተጻወትቲ ተባሂሎም ተሸሊሞም።

ኣብ ዕድመ 13ን14 ድማ ጋንታ ኣሞራ ቀዳመይቲ፡ ባበዛ ካልኣይቲ፡ ኣየርፖርት ድማ ሳልሰይቲ ክኾና እንከለዋ፡ ኣሮን ሚከኤልን ኤሊኣብ የሴፍን ብሉጻት ተጻወትቲ ኮይኖም ዛዚሞም። ኣብ ዕድመ 15ን 16ን ጋንታ ሺያ ጅዳ ንጋንታታት ባበዛን መደበን ኣሸኒፋ ዕወትቲ ኮይና። መሓመድ ኢብራሂም፡ ናህም ኣማኑ የዚድ ዓብዱን ናታን ሃብቶምን ድማ ብሉጻት ተጻወትቲ ብምዃን ሽልማት ወሲዶም።

ኣብዚ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ውድድራት ብጋንታን ብውልቅን ንዝተዓወቱ፡ ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ኩዕሶ እግሪን ኣሰልጠንቲን ሽልማት ተዋሂቡ።

## ባት ንምስጢራት ካሪክ የቃልዕ



ኮኾብ ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ነበር ኒኪ. ባት፡ ካሪክ ኣብ ኦልድትራፎርድ መዝሙት ምስልጣን ቅድሚ ምሓዙ ኣብ ናይ ብሕቲ ዕላል፡ "ምሕደራ ንዓይ ዝምልከት ኣይኮነን" ኢሉ ክብል ኣቃሊሑ።

በዚ ከኣ እዚ ኣሰልጣኒ ናብ ማንቸስተር ክምጽእ እንከሎ ዘይተም ካልኦት ኣሰልጠንቲን ነብራት ተጻወትቲን ናይ'ዛ ጋንታ፡ ንምሕደራ ዝሸውን ስነ ኣእምሮኣዊ ምድላዋት ከምዘይነበሮ ገሊጹ።

ኣብዚ ዓመት ደሮ ብሕማቅ ጀሚሩ ዘሎ ካሪክ፡ ኣብቲ ብጎደሎ ተጻወትቲ ተቶንዝም ዝተማከተሉ ምሸት፡ ማእሊያ ዘይብሉ ነቐፌታታት ከም ዝዘርዮ ዘረደአ ባት፡ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ኣሰልጣኝነት ድሌቱ'ውን ገለ ካብቲ ብሕታዊ ዕላሎም ምንባሩ ኣቃሊዑ።

ወዲ 45 ዓመት ካሪክ ንኣሞሪም ተኪኡ ብዝተሰየውት መዝሙት ዩናይትድ ኣብ ዝሓለፉ እዋን ነዛ ጋንታ ርእይ ለውጢ ብምምዝጋብ ዝሓለፈ ዓመት ሳልሳይ ተርታ ክትሕዝ ኣኽኢሉዋ እዩ። ይኹን እምበር ኣብዚ እዋን ካብ ሽዱሽተ ጸወታ ሽዱሽተ ነጥቢ ብምውህላል ኣብ ወጣሪ ህሞት ምህላዉ ይንገር።

## "ኣብ ታሪኽ ዝበለጽኩ'የ" ሮናልዶ

ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ብዘውንኖ ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ብቖጻምነት ከም ዝልለ ዝጥቀስ ኮኾብ ፖርቱጋላዊ ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱን ዘመዝገቦም ሽቶታትን ብምዝራብ ሓድሽ ኣርእስቲ ከፊቱ።

ምስ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ከይተቓደወ ዝጸንሐ ሮናልዶ፡ ነቲ ዘኽሶ ጉዳይ ማዕልቦ ክረኽበሉ ኣንቂዱ ኣብ ዘለወሉ ግዜ ብዛዕባ ኑቡሱ ምዝራብ፡ ኣቓልቦ ማዕከናት ክስሕብ ክኢሉ ኣሎ።

ሮናልዶ ድሕሪ'ቲ ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት ጋንታኡ ኣብ ልዕሊ ኣልደሪያ 3ብ0 ዝተዓወተትሉን መበል 980 ሽቶ ዘመዝገበሉን ጸወታ፡ ዝኾነ ርእይቶ መውዓእታ ዘይብሉ ክትዕ ኣበጊሱ ኣሎ።

ሮናልዶ ኣብ ርእይቶኡ፡ "ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ እቲ ዝበለጸኩ እዩ። ቀጻሪ ሽቶታተይ ኣፍ ኣውጺኡ ዝዛረበሉ ሓቂ ድማ እዩ። ይኹን እምበር ሰብ ነቲ ዘመዝገብኩዎ ሽሕ ሽቶታት ጉዳፎም ኑነን ዝተረፉ ሓደት ከቂምኑ ክርኢ ከለኹ ከየገረመኒ ኣይተረፈን። ሽሕ ሽቶታት እተበጽሕኩዎ ግርም፡ ኣይኮነን ግና ዘይበጽሕኩዎ ኣለ



ዝዋጋቕሉ ምኽንያት ኣይረኣየንን እዩ። ልዕሊ ኩሉ ዝበለጸኩ ሰብ ምዃን ጥራይ እኹል እዩ፡" ኢሉ።

ንዝምድና ለያንል ሜሲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ "ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ዝበለጸ ምኽኑ እየ ዝኣምን። ዚ ድማ የኽብሮን ይርድኣን እዩ። ሰባት ገለን ሜሲ ገለን ድማ ማራዶናን ፔለን እናበሉ ደስ ዝበሎም ክሓርዩ ይኽእሉ እዮም። ሮናልዶ ምሉእን ብሉጽን ኣይኮነን ንዝበሉ ግና፡ ብዛዕባ ሮናልዶ እቲ ዘደንቕ ብዙሒ ሽቶታቱን ኣፍራይነቱን ምርኣይ ጥራይ ኣኻሊ እዩ። ኣርባዕተ ነጥቢ!" ብምባል ኣብ ዓለም ምስተየም ብሉጻት ለጀንድ ከም ዝስርዕ ኣብሪሁ።

## ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል - ኵዕሶ ሰኪዐት ፈሊሙ

### ሳቡር - ኣብ ኵዕሶ እግሪ መሪሕነታ ኣደልዲላ



ንሸውዓተ ክለባት ጠርኒፉ ውድድራቱ ኣብ ምስልሳል ዝርከብ ዘሎ፡ ውሽጣዊ ስፖርት ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብሰኩይ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ውድድራት ኵዕሶ ሰኪዐት ሰለስተ ብሰለስተ ፈሊሙ። ዝተረኽበ ወጽኢት፡ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓለቡት ንዋልታ 21ብ02፡ ሂምቦል ንዒታሮ 09ብ06፡ ዓራግ ንሳቡር 09ብ05፡ ሓለቡት ንኣብሓሲ 20ብ07 ተዓዊተናለን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ሓለቡት ንዋልታ 21ብ02፡ ዒታሮ ንሂምቦል 15ብ12፡ ሳቡር ንዓራግ 15ብ12 ከምኡ'ውን ሓለቡት ኣብ ካልኣይቲ ጸወታኣ ንኣብሓሲ 22ብ17 ሰዒረናኦን። እዚ ውድድር መዓልታዊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ዝቕጽል ኮይኑ ካብ 12-20 ጥቅምቲ ክቕጽል እዩ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት፡ ውድድራት ኵዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ቀጺሉ ነይሩ። መራሒት ናይዚ ውድድር ዘላ ሳቡር ምስ ዒታሮ ገጢማ። ዒታሮ ናብ ዕረፍቲ 1ብ0 መሪሓ እኳ እንተወጸት፡ ጸወታ ኣብ ምዝዛም ሳቡር ክልተ ሽቶታት ብምምዝጋብ 2ብ1 ተዓዊታ መሪሕነታ ኣደልዲላ። ብሉጽ ተጻዋታይ ከኣ ሓለቓ ጋንታ ሳቡር ተስፉይ መሓሪ ተሸሊሙ። ድሕሪኡ ሂምቦል ንዋልታ ዓዲማ ዘቶየደቶ ጸወታ'ዩ ነይሩ። ካብ ዝሓለፈ ዝኣድ ጸወታ ዘቶየደትን 2ብ1 ተመሪሓ ዝወዓለትን ሂምቦል ድማ ኣብ ተወሳኺ ደቓይቕ ሽቶ ብምርካብ ነጥቢ ተማቒላ ወጺኣ። ንሂምቦል ክልተ ሽቶታት ዘግዘመ ኣቤል ዓንደማርያም ድማ ንብሉጽ ተጻዋታይ ተዓዊቱላ።

## ማትያስ ይቕረታ ሓቲቱ

ናብ ኮንቨንትሪ ተጓዒዙ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ሰሙን ካብ ሜዳኡ ወጻኢ ስዕረት ከመዝጊብ ዝተቐሰበ ኣሰልጣኒ ኒውካስትል ዩናይትድ ማትያስ ጃይሰል፡ ንደገፍቲ ይቕረታ ሓቲቱ።

ኒውካስትል ኣብቲ ብኮንቨትሪ ጉድ ዝኾነትሉ ምሸት 4ብ1 እያ ተሳዒራ። በዚ ወጽኢት'ዚ ኣመና ዝተቖጥዑ ደገፍቲ ናይ'ዛ ጋንታ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣመራርሓ ናይ'ዚ ኣሰልጣኒ ዘይዕግበቶም ክገልጹ ተራእዮም። ነዚ ስዒቡ ድማ'ዩ ማትያስ፡ "ንቶም ኩሉ ዋጋኖም ጉዳፎም ከድግፉና ዝመጹ ደገፍቲ ጥራይ ኢና ይቕረታ ክንሓትት ንኽእል" ክብል ተሰሚዑ።

"ኣዝዩ ሕማቕ ተሰሚዑና ኣሎ። ብፍላይ ድሕሪዚ ክንዕወተሉ ዝግበኣና ጸወታ ኣቃውማና ክንማሓይሽ ክንጽዕር ኢና። እንተ ኑቶም ኣብ ኩሉ ዘሰዩና ደገፍቲ ድማ፡ ዝተፈልየ ውጽኢት ይግበኦም ነይሩ። ኣብ መጻኢ ክንክሕሶም ድማ ተሰፉና'ዩ" ክብል ንስካይ ስፖርት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።





ኒውካስትል ምስ ኮንቨትሪ ኣብ ዘቶየደቶ ግጥም ክትዕብልለኳ እንተ ተራእየት፡ ናብ ሽቶ ለዊጣ ሰለስተ ነጥቢ ከየጠዞማ ዘኽእል ካብ ዝበረ 19 ብሉጽ ፈተነታት ግና፡ ሓንቲ ጥራይ ዒላማ ገይራ እያ ወጺኣ።

ኣብዚ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝጀምር ሻዱሻይ ሰሙን ኣቐጺሩሉ ዘሎ እዋን ክልተ ማዕረ ክልተ ስዕረትን ክልተ ድማ ዓወትን ዘመዝገበ ማትያስ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ መበል 11 ተርታ ክሕዝ ተገዲዱ ኣሎ።

## መኣረምታ

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም 'ቅድድም ብሽክሊታ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ' ኣብ ዝብል ጽሑፍ፡ "ኣብ ማእከሎት (ጁኒየር) ብሓፈሻዊ ግዜ እያቤድ፡ ዕወት ናይዚ ናይ መዓልዊ ውድድር ኮይኑ። ኣራም ፍጹም ካብ ኤሪተል፡ ነቢ ሳሚኤል ካብ ትጻቢት፡ ካልኣይን ሳልሳይን ብምዝዛም፡ መድረኽ ተማቒሎም።" ዝብል ዘሎ "ዕወታት ሰም ኣፈወርቂ፡ ኣራም ፍጹምን እያቤድ ኤፍሬምን እዮም።" ብዝብል ተኣሪሙ ክንብብ ምስ ናይ ይቕረታ ንሕብር።

## መደብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ

በትስ - ፖርቶ 10:00 ድ.ቀ
ማንሲቲ - ፒኤስጂ 10:00 ድ.ቀ
ሳካ - ሊቨርፑል 7:45 ድ.ቀ
ሮማ - ሪያል ማድሪድ 10:00 ድ.ቀ
ኣስቶንቪላ - ፌነርባቸ 10:00 ድ.ቀ
ቦሮስያ ድ.. - ዶርትሞንድ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ትራምፕ፡ ምስ ሩስያ ብምስምምዑ ተቓውሞ የጋጥሞ

ብሸሽኪ'ቲ ኣብ ኢራን ዝቶየድ ዘሎ ኩናት ቅልውላው ጸዓት ኣብ መላእ ዓለም ተኸሲቱ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ካብ ሩስያ ኑዳዲ ክዕድግ ምስ መራሕቲ ናይ'ታ ሃገር ዝገበሮ ስምምዕ ሓያል ተቓውሞ የጋጥሞ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

ትራምፕ፡ ኑቲ ብደረጃ ዓለም ኢጋጢሙ ዘሎ ቅልውላው ጸዓት ንምቅላል፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ሩስያ 300 ሽሕ ቶን ኑዳዲ ናብ ዕዳጋ ከተቕርብ ምስ ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ከም እተሰማምዐ ኣፍሊጡ ነይሩ።

ኣመሪካ፡ ቅድሚ ውሑዳት ሰሙናት፡ ኣብ ልዕሊ እተን ካብ ሩስያ ኑዳዲ ዝዕድጋ ሃገራት እንዳን ልዑል መጠን ንግዳዊ ቀረጽን ድሕሪ ምእዋጃ'ያ ንባዕላ ካብ ሩስያ ኑዳዲ ክትዕድግ ትሰማማዕ ዘላ።

በዚ ድማ፡ ኣባላት ባይቶ ኣመሪካ ዝኾኑ ወከልቲ ሰልፍታት ሪፓብሊካንን ዲሞክራትን፡ ትራምፕ ምስ ሩስያ ዝገበሮ ስምምዕ ንሕጊ ኣመሪካ ዝጥሕስ ምዃኑ ብምሕባር ቅሬታኦም የስምዑ ኣለዉ።

ብመሰረት እቲ ትራምፕ ምስ ቭላዲሚር ፑቲን ዝገበሮ ስምምዕ፡ ሩስያ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ 300 ሽሕ ቶን ኑዳዲ ክትሸይጥ'ያ። ብድሕሪኡ'ውን ኣብ ሕዳር ፍርቂ ሚልዮን ቶን፡ ጽሒፉ ከኣ ሓደ ሚልዮን ቶን ናብ ዕዳጋ ክትቕርብ እያ።

ሩስያ ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ብመጥቃዕቲ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ትካላት መጻረዪ ጸዓት ዝወረደ ዕንወት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተወሳኺ ሰለስተ ሚልዮን ቶን ኑዳዲ'ውን ክትሸይጥ ተፈቒዱላ ኣሎ።

ትራምፕ፡ ኣብ'ቲ ባዕሉ ዝውንኖ 'ትሩዝ' ዝተሰምየ ማሕበራዊ መራኸቢ ብጽሑፍ ከም ዝሓበሮ፡ "እዚ ስምምዕ ኣመሪካውያን ናፍታ ብሕሱር ዋጋ ንኽረኽቡ ክኽእሎም'ዩ። ብፍላይ ከኣ ሓረስቶትና፡ ጥሪት ዘረብሑን ወገንቲ ዓበይቲ መካይንን ቀዓምት ክውሃቦም'ዩ" ኢሉ።

ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስተር ሩስያ ኣሌክሳንደር ኖቫክ ድማ፡ ሓቅነት እቲ ምስ ኣመሪካ ዝተበጽሐ ስምምዕ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ እቲ ሩስያ እትገብሮ ሰደድ ኑዳዲ ኣብ ቀረባ መጸኢ ወርሓዊ ናብ ሰለስተ ሚልዮን ቶን ክብ ክም ዝበል ሓቢሩ።



ይኹን'ምበር፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ፡ ከምኡ'ውን ጸሓፊ ምኽልኻል ብሪጣንያ ዝርከብዎም ብዙሓት ሰበ ስልጣን ሃገራት ምዕራብ፡ ትራምፕ ድርብ መለክዒ ይኽተል ከም ዘሎ ብምውቃስ ኣብቲ ስምምዕ ዘለዎም ተቓውሞ የስምዑ ኣለዉ።

## "ቻይናን ሩስያን ንኢራን ይሕግዛኣ የለዋን፡" ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ቻይናን ሩስያን ንኢራን ደገፍ ይህባ ኣለዋ ኢሉ ከም ዘይኣምን ሓቢሩ።

ትራምፕ፡ "ቻይናን ሩስያን ንኢራን እንተ ደኣ ሓጊዘንኣ ብዙሕ ዝሽሰረኦ ክህልዋን እዩ" ኢሉ።

ትራምፕ ብመንገዲ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዝለኾ ሓብሬታ፡ ቻይናን ሩስያን ንኢራን ይሕግዛ ከም ዘለዋ ካብ ዥፍፍቱን ተቓወምቱን ተደጋጋሚ ርእይቶታት ይመጽእ ከም ዘሎ እኳ እንተ ገለጸ፡ ንሱ ግን እተን ሃገራት ዋላ'ውን እንተ ሓገዝኣ ብኣዝዩ ትሑት ደረጃ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣረዲኡ።



ኣመሪካን እስራኤልን ብ 28 ለካቲት ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ከም ዝጀመራ፡ ኢራን ድማ ኣብ ልዕሊ እስራኤልን ወተሃደራዊ መደበራት ኣመሪካ ዘለዎን ሃገራት ወሽመጥ ዓረብን መጥቃዕትታት ብምፍጻም ምላሽ ከም ዝሃበት ይዝከር።

በዚ ድማ፡ ካብ ሽዑ ጀሚሩ ኣብ ሰፊሕ ከፋላት ናይ'ቲ ዞባ ብዝተፈጸመ መጥቃዕትታት ኣመሪካ፡ እስራኤልን ኢራንን ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ሰባት ከም ዝተቐትሉን ሚልዮናት ካልኦት ድማ ከም እተመዛበሉን ይሕበር።

ትራምፕ፡ ቅድሚ ሕጂ'ውን መራሕቲ ሩስያን ቻይናን ኣብ ኩናት ኢራን ገለልተኛታት ኮይኖም ከም ዘለዉ ገሊጹ ነይሩ።

ምስ ኢራን ጥቡቕ ርክብ ዘለወን ሩስያን ቻይናን፡ ኣመሪካ ምስ እስራኤል ተሓባቢራ ኣብ ልዕሊ እታ ፈራሚት ሃገር ንዝጀመረቶ መጥቃዕቲ "ቅሉዕ ግህሰት ልኡላውነት" ክብላ ድሕሪ ምኹናን፡ እቲ ኩናት ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ውድድር ነቓልስያዊ ኣጽዋር ከስዕብ ከም ዝኽእል ስግኣተን ገሊጸን ምንባረን ኣይርሳዕን።

## ኢራን፡ ስዑዲ ዓረብን ሑቲን ዘተ ክካይዱ ትጽውዕ

ኢራን፡ ስዑዲ ዓረብን የማናዊ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲን ናብ ጣውላ ቀረባ ዘተ ንኽካይዱ ክትሕግዝ ድሉውቲ ምዃና፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይ'ታ ሃገር እስማዒል ባጋይ ደጊሙ ገሊጹ።

ባጋይ ኣብ ዝሃቦ ሰሙናዊ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ በቲ ኣብ ወሽመጥ ዓረብ ዝቶየድ ዘሎ ግጭት ዘለዎ ከቢድ ስግኣት ድሕሪ ምግላጹ፡ ኢራን ኣብ መንጎ ስዑዲ ዓረብን ሑቲን ደማዊ ግጭት ክቕጽል ከም ዘይትቕበሎ ኣረዲኡ።

"ኣብ መንጎ ክልተኦም ወገናት ዘተ ንምምችቻእ ኢራን ድልውቲ ምዃና ብተደጋጋሚ ገሊጽና ኢና" ዝበለ ባጋይ፡ እቲ ኩነታት ብዙተ ክፍታሕ ከም ዘለዎ ኣስሚሩሉ።

እቲ ኣፈኛ ዚ ዝበለ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ ትማሊ ሰንበት ምስ ስዑዳዊ መዛንኡ ኣብ ዝገበሮ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ፡ ሃገሩ ኣብ መንጎ ስዑዲ ዓረብን ሑቲን ዘተ ንምጅማር ዝሕግዝ ባይታ ክተጣጥሕ ድልውቲ ምዃና ድሕሪ ምግላጹ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ።

ኢራን ኣብ መንጎ ስዑዲያን ሑቲን ዘተ ክቶየድ ጻውዒት ተቕርብ ዘላ፡ ኣብ መንጎ ክልተኦም ወገናት ርሱን ወተሃደራዊ ምፅብባታት ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ እዋን እዩ።



## ቁጠባታት ማእከላይ ምብራቕን ኤስያን የንቀልቅል

ተጻብኦታት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ኣብ ዝቐጸለሉ ዘሎ እዋን፡ ቁጠባ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ማእከላይ ኤስያን ከንቀልቅል ምዃኑ፡ ኣህጉራዊ ማሕበር ፖዚብ ሓቢሩ።

ጃምላ ዘቤታዊ እቶት ናይ'ቲ ዞባ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብ0.3 ሚእታዊት ክስድል ምዃኑን፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ከም ቀጠር፡ ኩዌትን ዓረቕን ዝኣመሰላ ሃገራት ልዑል ቁጠባዊ ምንቅልቃል ክኽሰት ከም ዝኽእልን፡ እቲ ኣህጉራዊ ትካል ወሲኹ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቁጠባ ባሕሬን ብ11.3 ሚእታዊት ክንቀልቀል እንከሎ፡ ቁጠባ ኢራን ድማ ብ7.6 ሚእታዊት ክስድል ከም ዝኽእል፡ ኣህጉራዊ ማሕበር ፖዚብ ኣብ ጸብጻቡ ኣሚቱ።

ብመሰረት ኑዳዲ 'ፔትሮላይን' ኣቢላ ንመጠን ሰደድ ኑዳዲ ብምዕባይ ኑቲ ኣብ ጽላት ጸዓት ዘጋጠመ ክሳራታት ብኸፊል ክትሽፍኖ ዝኸኣለት ስዑዲ ዓረብ እውን ናይ 3.3 ሚእታዊት ቁጠባዊ ምንቅልቃል ኪጋጥማ ከም ዝኽእል ተሓቢሩ።

ብኣንጻሩ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዝሓሸ ቁጠባዊ ዕብየት ከተመዝግብ ትጽበ ዝነበረት ኪርጊስታን፡ ጃምላ ዘቤታዊ እቶታ ብ9 ሚእታዊት ክዓቢ ምዃኑ ይግመት።

ብቁጠባ ዝበልጸጋ ኣመሪካን ቻይናን ድማ ኣፍሲ ወከፈን 2.3 ሚእታዊትን 4.5 ሚእታዊትን ዝግመት ቁጠባዊ ዕብየት ከመዝግባ፡ ጃምላ ዘቤታዊ እቶት ኤውሮጳ ከኣ ናይ 1.1 ሚእታዊት ዕብየት ከመዝግብ ከም ዝኽእል ተገሊጹ።

ብሓፈሻ፡ ዓለምለኻዊ ጃምላ ዘቤታዊ እቶት ብ3.1 ሚእታዊት ክዓቢ ትጽቢት ከም ዘሎ፡ እቲ ትካል ኣፍሊጡ።



## ስዑዲ ዓረብ፡ ቅድሚ መጥቃዕቲ መጠንቀቕታ ዘይምሃባ የዘራርብ

ዕጡቓት ሑቲ፡ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ሪያድ - ስዑዲ ዓረብ ተኸታታሊ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፈጸምሉ እዋን፡ እታ ሃገር ኣቐዲማ ኑቲ ናይ ሓደጋ መጠንቀቕታታት ዝሁብ መሳለጥያታት ደው ኣቢላቶ ከም ዝነበረት ተሓቢሩ።

መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር፡ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ሪያድ ዝተፈጸመ ኣርባዕተ መጥቃዕትታት ብዝምልከት ንምንታይ ንህዝቢ ኣቐዲሙ መጠንቀቕታ ዘይተዋህበ ዛጊት ዝበሎ ነገር የለን።

እቲ ኣብ እዋን ሓደጋ ቅድመ መጠንቀቕታ ዝሁብ መሳርሒታት፡ ኣብ እዋን'ቲ መጥቃዕቲ ሓብሬታ ዘይምሃቡ ድማ፡ እታ ሃገር ንዘርታን በጺሕትን ናይ ምክልኻል ዓቕማ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትዩዎ ከም ዝርከብ፡ ተንተንቲ ፖለቲካ ናይ'ቲ ዞባ ንሮይተርስ ሓቢሮም።

ይኹን'ምበር፡ መንግስቲ ስዑዲ ዓረብ ኑቲ መጠንቀቕታታት ክህብ ዘይከኣለሉ ምኽንያት፡ ወተሃደራዊ ስርሒት ንምጅማርን ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ከኣ ኣብ ህዝቢ ናይ'ታ ሃገር ምትእምማንን ንምፍጣርን ንዕኡ ስምዒታት ንምዕቃብን ተባሂሉ ዝተገበረ ምዃኑ፡ ምሸ'ቲ መንግስቲ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ኣረዲኦም።



ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ

ዕለት
14/10/2026
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ

ጎደና
ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 17ቱባቢ ሲነማ ሓማሴን
ቁ.ቴሌፎን 127565

ቁ.ስልኪ.
123690

Sabur Printing Services